ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.314 ቀዳም 31 ነሓሰ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ተመስጦ ብርዕይ ኣብ ክረማት ዓድና


ገጽ 3
ኣብ ቀጽሪ ኢስክፖ


ገጽ 5
ብዓል ቡት ድሙ

ገጽ 7
ምሕደራ ፍልጠት


ገጽ 11
ስፖርታዊ ውድድር ኣዚ ማእከል ቀጺሉ


# ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ተገሊጹ

ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተትምህርቲ 2023/2024 ካብ



ዝተሳተፉ 65,591 ተመሃሮ እቶም 50 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ኣሃዱ ሃገራዊ መርመራ ኣቶ ሃብቱ ኣስፍሃ ሓቢሩ።

ካብ'ቶም ዝሓለፉ እተን 46.2 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ምዃነን፡ 55.8 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም 760 ተመሃሮ ድማ 90ን ልዕሊኡን ነጥቢ ከምዝመጽኡ ኣብሪሁ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ'ቲ ሃገራዊ መርመራ ካብ ዝተሳተፉ 22 ጸመማን እቶም 19 ማለት 86.4 ሚእታዊት፡ ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰማቢል ካብ ዝተፈተኑ 23 ተሃደስቲ ድማ 56.5 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ'ውን ሓቢሩ።

ብደረጃ ዞባታት ድማ፡ ዞባ ዓንሰባ 33.7 ሚእታዊት፡ ዞባ ደቡብ 50.6 ሚእታዊት፡ ዞባ ጋሽ-ባርካ 40.8 ሚእታዊት፡ ዞባ ማእከል 66.3 ሚእታዊት፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ 38.7 ሚእታዊት፡ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ 47.2 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ መጠን ምሕላፍ ኣብ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል 53.5 ሚእታዊት፡ ኣብ ኣህጉራዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ማሕበረ-ሰብ ፈረንሳን ጁዳን 83.9 ሚእታዊት፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ኣብ ከሰላ ከኣ ሚእቲ ሚእታዊት ከምዝሓለፉ ኣፍሊጡ።

ሃገራዊ ፈተና 8ይ ክፍሊ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጁዳን ርያድን - ስዑዲ ዓረብን ኣብ ከሰላ - ሱዳንን ከምዝተዋህበ ዝዝከር'ዩ።

# መዓልቲ ሓረስቶት፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ ኣስመራ ተዘኪራ

መዓልቲ ሓረስቶት፡ ኣብ ምብዛሕ ዝተዋቐለ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ብምትኳር - ብደረጃ ዞባ ማእከል፡ ብ27 ነሓሰ ኣብ ኣስመራ ተዘኪራ።

ምብዛሕ ዝተዋቐለ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ኣቐዲሞም ስልጠና ብዘወሰዱ 22 ኣብኡታውያን ሓረስቶት፡ ኣብ ኣስታት 11 ሄክታር ከም እተፈተነን ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ከምዝርከበን ኣብ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ዘራእቲ ኣቶ ኣማኑኤል ወልደጻዮን ሓቢሩ።

ዝተዋቐለ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ኣቐዲሙ ካብ ወጻኢ ተዓዲጊ ይመጽእ ከምዝነበረ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን ብውሽጣዊ ዓቕሚ ይብዝሕ ከምዘሎን ንሓረስቶት ክዕደል ምዃኑን ብተወሳኺ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ኣስራት ሃይሉ፡ ንምትሕብባር ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ኣብ'ቲ መስርሕ ብምምጓሱ፡ እቲ መደብ ብስፍሑ ክሰራሓሉን ክፍተኽን መደብ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዝተሳተፉ ኣብኡታውያን ሓረስቶት፡ እቲ ፈተነ ኣብ ዝሰፍሐ ቦታ ክቕጽል፡ ኣብ እዋን ማሕረስ ዘርኢ ምድንጓይ ትራክተራት ድማ - ፍታሕ ክረክብ ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለን ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሰምን፡ እቶም ኣብኡታውያን ሓረስቶት - ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣብ ባይታ ብምትርጓሞም ድሕሪ ምምጓስ፡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሑ ኣብርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

# ሞልቁን ጎልጅን - ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ሕማም ዓሶ ክዓዘዝ ተሓቲቱ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡስ ዞባታት ሞልቁን ጎልጅን ተርእዮ ሕማም ዓሶ ንምግታእ ዝቕጽል ዘሎ ጻዕሪ እቲ ዝድለ ውጽኢት ንኸርክብ፡ ተራ ሕብረተሰብ ክዓዝዝ ሞያውያን ኣዘኻኺሮም።

ኣብ'ተን ንኡሳን ዞባታት ዝጠቕሱ ሞያውያን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ ሕማም ዓሶ ዝስዕብ ዝበረ ሞት እናጉደለ'ኳ ይመጽእ እንተሎ፡ ሰንካት'ቲ ሕማም ግዳ ዛጊት መሊኡ ከምዘይተቐንጠጠ ብምጥቃስ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣገባብ ምትሕልላፍን ሜላታት ምክልኻልን በርኺ እናሃለወ፡ ብሰንኪ ሸለልትነት ኣብ ወቕቲ ክረምት ዝኸሰት ልዑል መልከፍቲ ንምግታእ፡ ተራ ከም ክፀቢ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቁ - ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ነርስ ሙብራህቱ የማነ ሓላፊ ህዝባዊ ጥዕና ነርስ ርቢል ብርሃነ ሳላ ቀጻሊ ኽትትልን ኣስተምህሮን ንቕሓት ሕብረተሰብ ብምዕባዩ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ብ38 ሚእታዊት'ኳ እንተጐደለ፡ ብሰንኪ ሸለልትነት ኣብ ተጠቃምነት ናመሲያን ጉድለት ኣብ መካላኸሊ ሜላታትን፡ ተርእዮ'ቲ ሕማም ናብ ዜሮ ንምውራድ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ዕንቅፋት የጋጥሞ ከምዘሎ ኣብሪሆም።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣብ 61 ዓድታት 34,600 ናመሲያ ከምእተዓደለን ሰፊዕ ወፈራ ጽሬት ይካየድ ከምዘሎ'ውን ሓቢሮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ሓላፊ ክቡብያዊ ጥዕና ኣቶ ሚካኤል ገብረሂወት ብወገኑ፡ እቲ ከቢ ዓሳው ብምዃኑ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ምስ ምምሕዳር'ቲ ንኡስ ዞባ ብምውህሃድ ልዑል ኣተኩሮ ሂቡ ይሰርሓሉ'ኳ እንተኾነ፡ ከሉም ናይ ምክልኻል ሜላታት ብምልኣት ስለዘይትግበሩ ዘለዉ፡ ብፍላይ ኣብ ክረምቲ ልዑል መጠን መልከፍቲ ከምዝኽሰት፡ በዚ ምኽንያት ህዝቢ ንዘውሉ መምርሒታት ብጥብቂ ክኽተልን ሰፊዕ ወፈራ ጽሬት ክካይድን ኣተሓሳሲቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ኣቶ ደሴ ዘርኣሚካኤል ድማ፡ ዝቕጽል ዘሎ ጻዕሪ ብዘይ ንቕሓት ተሳትፎ ሕብረተሰብ ክዕወት ስለዘይክእል፡ ህዝቢ ከባብያዊ ጽሬት ክካይድን ናመሲያ ብግቡእ ክጥቀምን ኣዘኻኺሩ።

# ባሕቲ መስከረም፡ ትእምርቲ "ኣይግዛእን!"

ባሕቲ መስከረም ኣብ ሰንሰለት ዛንታ ወለዶታት ኤርትራ፡ ንቕሎ ናብ ሓደ ፍሉይን ደንቂን ምዕራፍ ዘበሰረት ታሪኻዊት ዕለት እያ። ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ከኣ ድርብ በዓል። ኣብ 1991 ቀዳማይ ሕታማ ዘውጽኣት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ መበል 34 ዓመት-ልደታ ትርግጽ ኣላ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 80 ዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ዝሰገሮ ተጋድሎ ብሕጽር ዝበለ ክንዘኻኸር ትደሊ።

ከምዝፍለጥ ህዝቢ ኤርትራ፡ ተጻባኢ ባህርይ ዘይብሉ፡ ዘይናቱ ዘይደሊ ወረጃ ህዝቢ እዩ። 'ተወራሩ' እምበር 'ወራሩ' ዝብል ጸዩፍ ዛንታ ኣይርከቦን። እዚ ሰላማዊን ስልጡንን ህዝቢ'ዚ ግና ብስሪ ተሃራፊ ጸጋታት መሬቱን ባሕሩን ወትሩ ግዳይ ናይ ቀረባን ርሑቕን ወረርቲ እናኾነ ዝመናት ኣብ መከራ ክጽመድ ተገዲዱ እዩ።

ኣብ እዋን ምግዛእ መግዛእቲ ህዝቢ ኤርትራ ከም ኩሎም ግዙኣት ህዝብታት ናጽነት እናተጋህዱ፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ጉብእል ዓለምና ተባሂሉ፡ መሰሉ ተጋዒጹ፡ ንኸቦጣ ኣሕሊፉ ተዋሂቡ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዚ ዓመጽ'ዚ፡ ፈለማ ብሰላማዊ ኣገባብ'ዩ ተቓዊምዎ። ሕጊ ዝኣምን ስልጡን ህዝቢ ብምዃኑ፡ ብሕጊ መሰሉ ዝረክብ መሰሊዎ። ግዙኣት-ሕጊ ዘይንታዮም ዓመጽቲ ግና፡ ብሓይሊ ከንበርክኽዎ ሃቂኖም . . . ያኢ ዋዛ መሰሉዎም። ድሕሪ'ዚ፡ በቲ ዝርድኦም ቛንቛ ከዘርበም፡ ብ1 መስከረም 1961 ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣበጊሱ። ግደ ሓቂ ዕጥቂ ኣይነበሮን። ብኣጻብዕ ዝቖጸሩ ናይ ቀደም ጠበናጁ ሒዙ፡ "ንጹላኢ ብበረቱ ብጥይቱ" ዝብል ንያትን ስረን ዓጢቑ'ዩ ተንሲኡ። ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ተጋድሎ ከኣ፡ ንወረርቲ ለኣኽቶምን ኣላሽ ኣበሉ፡ ዝተመኮሐሉ ኩምራ ዘመናዊ ኣጽዋር ኣብ መሬቱ ኣራጊፉ፡ ኑቶም በዘዋዝኤ ዝማረኾም ምሕረት ሂቡ ንዓደም ብምፍናው፡ ብኣንጸባራቒ ቅያ ኣብ ግንቦት 1991 ኣኽሊል ናጽነቱ ደፊኡ።

ሻለቃ ዳዊት ወልደጊዮርጊስ ዝተባህለ በዓል ስልጣን ኢትዮጵያ ነበር፡ ኣብታ "ክህደት በደም መሬት" ዝርእስታ መጽሓፉ፡ ኢትዮጵያ ኣብ 30 ዓመት ናይ ሰሜን ኩናት፡ "ግዝኣታዊ ሓድነታን ናይ ባሕሪ ዶብን ንምዕቃብ" ኣስታት ሓደ ሚልዮን ወተሃደር ከምዝጠፍኣት ይገልጽ። የግዳስ እዚ ኣሃዝ'ዚ፡ ገበነ-ህልቂት መራሕቲን ምሁራንን ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ግዱእ ህዝቦም'ዩ ዝገልጽ። ከመይሲ፡ እዞም ጋህሲ ሰሜን ዝውሓጦም ዓኸር፡ ግዳይ ናይ ሓሶት ታሪኽ እዮም ኮይኖም። እታ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ምዕራባውያን ብፌደሬሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቀረን ዝተፈርደት ኤርትራ፡ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ኣካል ኢትዮጵያ ከምዝነበረት፡ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ከምእትውንን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኢትዮጵያዊ ምዃኑ፡ ተጋደልቲ ደገፍ ህዝቢ ዘይብሎም ቁንጣሮ ምዃኖም እናተዋረርም እዮም፡ ንሽንኩቱ ዕላማ ህይወቶም በጂዮም። ሓልዮት ህዝቡ ዝሰምዖ ሓቀኛ ነጋሪ ታሪኽ ኣይረኸቡን።

እቲ ብድርሳን ፈጠራዊ ታሪኽ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ቀዳማይ ገበን ትምህርቲ ተቐሲምዎ እንተዝኸውን ኣይምኸፍኣን። እንተኾነ ድሕሪ ናጽነት'ውን ብደገፍ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስልጣን ዝተኸፈተ ጃንዳ መጋበርያ ኣሸቀልቲ ብምዃኑ ንዓማጋይ ወራር ተዓሲቡ፡ ብዙሓትን ህይወትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ከጥፍእ ፈቲኑ። ብዘተፈብረኸ ታሪኽ ንገዛእ ህዝቡ ናይ ምትላል ገበን ኢትዮጵያውያን ምሁራትን መራሕቲን ድማ ገና ኣይተረረፉን።

የግዳስ ናይ ሎሚ ዘበን ባሕቲ መስከረም፡ ን80 ዓመታት ዝቐጸለ ሃቐነታት ብሓያል መኸተ ህዝቢን ጅግና ሓይልታት ምክልኻሉን ጠቒሊሉ ኣብ ዝተኣዐረሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብጽንዓቱን ናጻ ሕርያኡን ኣርኣያ ንኩልኦት ኮይኑ ቅያኡ ኣብ ዝደመቐሉ፡ ምህርቲ ናይ ሓሶት ታሪኽ እንታይ ምዃኑ ብዮዝበሪ ኣብ ዝርኣየሉ ዘሎ እዋን'ያ ትዝከር ዘላ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ነዊሕን ጽንኩርን እዋን፡ ከም ወርቂ ብሓዊ ተኸሊሱ ወጺኡ ኣሎ። ባህሊ ቀዳሞት ተቓለስቲ ዓቂቡን ወሪሱን ኣብዚ ተሃዋሲ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ በይኑ ደሴት ሰላም ፈጢሩ፡ ጅግንኡ ዘርከቦ ሃገር ደጊማ ኣብ ዘይትድፈረሉ ጽፍሒ ኣዕሪጉ ድማ፡ ናብ ዳግመ ሕውየትን ልምዓትን ኣንቂዱ ኣሎ። ኣብዚ ብልዑል ጽንዓትን ምጽማምን ዝተሰግረ ተረር እዋን ደሊ፡ብዎ ዘሎ ኩለንተናዊ ብቕዓት፡ ኑቶም ኣብ ባሕቲ መስከረም ኮይኖም ናጽነት ዝሓለሙን ኣሰርም ሰዒቦም ንሃገር ብዘይ ብቒ ዝተወፈዩን እልፊ ኣእላፍ ሓርበኛታት 'ቅሰኑ' ዝብል እዩ። የሃና! እንቋዕ ናብዚ ታሪኻዊት ዕለት ኣብጽሓና።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

# ተመስጦ ብርዕይ ኣብ ክራማት ዓድና

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ዝሓለፈ ሰሙን ብስራሕ ምኽንያት ናብ ደቡብ ገጼይ ዘወር ኢለ ነይረ።

ኣቦታትና ክምስሉ - "ክረምቲ ዝገደሸ፡ ካብ ከልቢ ነይሓይሸ" ኢሎም እኳ እንተኾኑ፡ ንግዜኡ ነዚ ኣባሃህላ እዚኣ - ኣይክሰማመዓላን እየ። "ክረምቲ ዝገደሸ፡ ካብ ሰቡ ይሓይሸ" ኢልና ንግዜኡ ቀይርናያ ኣሎና። ምኽንያቱ፡ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ እንተደኣ ገይሸካ፡ ትርኢት መልክዕ ክረምቲ እናተቛደስካ ስለእትጓዓዝ፡ ኣዒንትኻ ካብ ዝዓለባኦ ቦታ ርእየን ከይጸገባ፡ ካልእ ዝጸበቐ ትርኢት ቦታታት ስለዝቕበለካ፡ ብሓፈሻኡ፡ ኣዒንትኻ ናብ'ዝን ናብ'ትን እናኣበልካ - ግርማ ክራማት ከተስተማቕር ዕድል ስለትረክብ፡ ብተሰፋ ሓምላይ ትርኢት ተመሊእካ ስለእትጓዓዝ፡ የማኑ-ጸጋም እናበልካ ትሕዝዮ ክራማት ብደቒቕ ትዕዘብ፡ ጸቡቕ ምርኣይ ከኣ፡ መን'ሞ ይጸልኦ፡ 'ዓይኒ እንታይ ድራራ' እኳ ዝበሃል።

"ዝኾነ ሰብ ብጸባቐታት ተፈጥሮ ዘይድነቐን ዘይምሰጥን እንተደኣ ኰይኑ፡ ክጽሕፍ ኣይክእልን እዩ" ይብል ነይሩ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ስነ-ጥበበኛታት ሃገርና ደራሲ በዓል ሃይለ። ካብ'ተን ዝበለጸ ንምርኣየን ባህ ዘብላ ወቕቲታት እንተደኣ ኣላ ኮይኑ - እዛ ዘለናያ ወቕቲ ኢያ። እሞ ድማ ከም'ዚ ናይ ሎሚ ዘበን ህጡር ክራማት እንተደኣ ኣሰኒዩዋ፡ ብቐንዱ ሽሻይ ቀውዒ እውን፡ ውጽኢት ክራማት እዩ። ወሉዲ ክምስሉ "ተጸግዒ ቅጫሉ ኣብ መቑሎኣ ዘሎ፡ ኪኖ እቲ ኣብ'ዚ ወቕቲ ዝረአ ንኣዒንትና ዝማርኽ ነገራት፡ ኩነታት ኣየር ናይ ክረምቲ እውን እኮ ኣዝዩ ጥዑም እዩ። ስለዚ'ሉ፡ ኩሉ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ወቕቲ ከበብና ዘሎ ተፈጥሮ ባህታ ዝሁብ እዩ።

ዓድታት፡ ገለኣን ብወሰናስነን ንገለኣን ብሕምብርተን ሰንጢቖምን ክሓልፍ - ብደቒቕ እየ ኩነታት ዘርእትን ጥሪትን ብሓፈሻኡ ህልው ኩነታት ክራማት እናተዓዘብኩ ከይደ። ሓያለ ዓይነታት ኣእካል ናብ ብርኪ ምፍላይን ምስዋትን ተቐራሪቦ፡ እቶም ጉስያ ዘድልዮም



እንክላ ይፈልጣ" ክብሉ እንክለው - ንከም'ዚ ናይ ሎሚ ዘመን ሓይሊ ክራማት ንትነሰፉው ወግዕና ዘራጉድ እዩ። ጥራሕ እቲ ኣብ ግራውቲ ዘሎ ኣእካል ናብ ቆፋፉና የብሎ!

ኣብ ግዜ ክራማት ብዙሕ መሳጢ ነገራት እዩ ዝኽሰት። ከም'ቲ ዝጥቀስ ጉዕዞይ፡ በቲ ጸጸኒሑ ጀቡብ ዝብል ዘቋርጽ ጸዕዱ-ማይ (ዝናብ) ዝተዓጀበ እዩ ነይሩ። ደበና መመሊሱ ይጸዓን፡ መሬት ግርማ መልኣኹ ይሃድእን ይኸብድን፡ ዝሓለፍኩዎም ጐላጉል፡ ሓውሲ ኮረብትን ንቦታትን ጸጸኒሑ ብዘወቕዕ ዝናብ፡ ገሊኦም ማይ በዚሕምም ቀንበደበይ ኢሎም፡ ገሊኦም ድማ እኳ ደኣ እቶም ዝጠዝሑ ፍሰሃ ወረርዎም ይረኣዩ። ኣብ ኣጻድፍን ኣራእርን ብርቱዕ ውሕጅ ሸዋሕዋሕ እናበለ ብኼጋራት ኩዓምጽ ይሰማዕ። ሰብን ጥሪትን ከኣ፡ ካብ'ቲ ተሎ ኢሉ ምጽሓይ ዝኣበዮም ዝናብ ንምዕቃል - ኣብ ትሕቲ ዓበይቲ ኣግራብ ደረኣዩ፣ ክሳብ መውዳእታ ዘይጉዳእ ዝናብ ክኸውሉ፡ ናብ ፈጣሪኦም ምህለላ ዘዕርጉ እውን ኣብ መንጎኦም ኣለው።



ብሓፈሻ ዝኸድክዎ መገሻ ብዘዩቑረ ማይን ጨፈቓን መርኣዩ ኣይነበሮን። መሬት ጸጊቡ፡ ርግጽ እንክተብሎ ሓዚካ ይጠልምን ይሃምምን። ጥንቅቕ ኢልካ ኣብ ትርር ዝበለ እንተደኣ ዘይረገጽካ - ኣኺሉካ እዩ 'ደሓን ኩኒ ሳእነይ' ምባል ዘይተርፍ እዩ።

መቸም ዕላለይ፡ ኣብ ጉዕዞይ ማዕረ ክንደይ ስለዝተመሰጥኩ ደኣ ኣግፍሕ ኣበለ ሐዚዮ ጸኒሐ እምበር፡ ጉዕዞይ ካብ ኣስመራ ናብ በራቒት ንኣብ ዞባ ዓዲ-ኳላ እዩ ነይሩ። ካብ ሽኩቲ ጀሚረ ክሳብ እዛ ዝጠቐስኩልኩም ዓዲ ዘለዋ ድማ ተገሲዮም ይረኣዩ። ብሓፈሻኡ - ኩሉ ኣዝርእቲ ኣብ ጸቡቕ/ ዘተኣማምን ደረጃ እዩ ዝርከብ።

ብፍላይ ጣፍ ዓዲ-ኳላ - እቶም ዘይመስልና ክንምርዓወሉ ኢና ንመስል። ደጉሳሱ ጉላጉል ጸዕዳ ቀላይ እውን ከምኡ። ዓግል መሸላ በራቒትን ገማግም ሩባ ማይ ጹብርን እንተኾነ እውን ንመን ኢልዎ - ዘይ ናብ ዋናታቱ እዩ። ፋሉ፡ ዳጉሻ፡ ጣፍ፡ መሸላ፡ ዕፉን. . . ዝኸደነ ጉላጉል ዓይላ-ጉንደት - ማለት ገዛ ሓምሉ፡ ገዛ መደባይ፡ ክሳድ-ዒቃ፡ ኩሕሊ ዝበኣ፡ ኩዶ ሕምባሻ፡ እንዳገርግስ፡ ሰበዩ፡ ገዛ-ከረን. . . ጸቡቕ ክራማት ከምዝለዎ፡ ብሕብራዊት ብርዐይ ኣረጋጊጸልኩም።

ኣብ'ቲ ኀቦ ማይዱ ኣለዎ ማዩ
እወ ኣለዎ ቀላይ ንቓላዩ. . .

ኢለን ደየን ዝደረፋ ኣዋልድ ዓድና፡ መሬት በቃ ከምኡ እዩ ዘሎ።

ንኻልኦት እውን ብዛዕባ ኩነታት ክራማትን ኣእካልን ኣብ'ቲ ከባቢ ብሓፈሻኡ ኣብ ዝተወከስኩሉ፡ ኣብ'ቲ ንኣብ ዞባ ኣብ ዝርከባ ዓድታት ዝበቘለ ኣእካል፡ 'ዓይኒ ኣባዩ ይድረፈነሉ' ዝብል ምኳኑ እዮም ነጊሮምኒ።

መሸላ ኮደን'የ
ይመጽእ ኣሎ ጥዑም ዘበን'የ፡
መሸላ ግንቦሉ
ኣጆኻ ሓረስታይ ክሓልፈልካ ኢሉ. . .

ሎሚ ዓመት፡ ዋላ'ኳ ዝናብ ድንጉይ ኢሉ እንተጀመረ፡ ድሒሩስ ከም'ዚ ዝገልጾ ዘለኹ እዩ ኰይኑ።

ኣብ ብዙሓት ዓድታት እዚ ዞባ ከም ዝተዓዘብኩዎ፡ ህዝቢ ብውልቅን ብወፈራን ኣብ ማእከል ግራቱ ክጽሂ ብምዕዶ ይረኣ። በቲ ስርሖም እናሰላሰሉ ዝደርፍዎ መሳጢን ወሀድን ደርፍታቶም ተደሪፎም፡ እንተኾኣልካ ናብ ማእከሎም ተሓዊስካ ትሕጎስ፡ እንተዘየለ ድማ፡ 'ኣሕዋተይ በሉ'ስከ የሳልጠልኩም' ኢልካ ምሕላፍ ኣካል ጭዋ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ከምኡ እንተዘይገይርካ ግን፡ ባህሊ'ዚ ብሩኽ መሬትን ህዝብን ከም ዘይተኸብር ተሓሲቡ፡ ናይ ክብሪ ቦታ ኣይወሃቦን እዩ። ኣብ ግዜ ስራሕ ምትሕግጋዝ ሕላገት ባህሊ ህዝብና ስለዝኾነ፡ እንተዘይ ሓቢርካ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ሕብረተሰብና ቦታ የብልካን። ንዓኻ ዝሕግዙኻ'ውን ኣይትረክበን። ስለ'ዚ ህዝብና ኣብ ጸገምን ራህዋን ብሓባር እዩ፣ ሓቢሩ ይወፍርን ይምለስን። ብተበግሶኡ ዝውድቡ ኣብ ምድግጋፍ ዝኣምን ሓያል ህዝቢ እዩ።

እዚ ዘለናዮ ቅንያት፡ ቅንያት ወፈራን ሆራን እዩ። ሓረስታይ ኣንጊሁ ብምብጋስ ኣብ ሓያል ስራሕ'ዩ ተጸሚዱ ዝርከብ። ብሓፈሻ፡ ህዝቢ እዚ ከባቢ፡ እዚ ትሰፋው ክራማት ምሉእ ክኸውሉን፡ ፍረ ጻማኡ ክሓፍስን ኣብ ልዑል ተስፋን ጸሎትን ይርከብ።

ንምጥቕላል፡ እዚ ወቕቲ፡ ደስ ዝብል ትርኢት ዘለዎ ኰይኑ፡ ውሓይዛት ማይ መሊኦም ጃሕጃሕ ዝብሉሉ፡ ከዘንቲ ማያት ልዕሊ ዓቐን መሊኦም ዝፍርሸሉሉ፡ ኣዕዋፍ ደምጸን ክብ ኣቢለን ዝዘምራሉ፡ ኩቦትን ጠለ-በጊዕን ኣብ ጐላጉል ዓደን ብሀድኣትን ናጽነትን ስም ኢለን ልምሉም ሳዕሪ በሊዐን ዝዕፍትዋሉን ብዙሕ ጸባ ዝሕለባሉን፡ ኣብታይ ዝዕንድራሉ፡ ዝጸገቡ ኣብዑር መሬት እናጻሕተሩ ዝንቀወሉ፡ መጻዓኛ ብጽጋብ ዝሃልሉ እዋን እዩ። ኣነ'ውን ነዚ ርኢኻ ዘይምነው ትርኢት እየ ተዓዚበ። ነዚ ትርኢት እዚ'ን ንጻዕረኛ ህዝቢ እዚ ከባቢን እናናፈቕክዎ ድማ፡ ናብ ኣስመራ ተመሊሰ። ድሒረ ሰለስተ ሰሙን ኣቢለ ግን ሕሰዮ መሸላን ሽዊት ዕፉንን ክበልዕ ምምላሰይ ዘይተርፍ እዩ። መሸላ ኮደን ግጥም ኢሉ ምስ ረኣየቶ ድያ 'ዘይከምዚኣ እንታይ ደልየ፡ ዘይከምዚኣየ' ኢላ ደሪፋ ዝበልዋ እምባይተይ ዋሪ ጓል ወርሒ መስከረም። ንሕና'ውን ዘይከምዚኣ እንታይ ንደሊ። ምኽንያቱ፡ ዓለም ብተስፋ እትኑብረላ ቅርዓት ስለዝኾነት።

ናብ ወዮ ትዕዝብትኻ ዝሰሓብ ቦታታት ምስ ከድካስ፡ ሽዊት ክረምቲ ተማልኣልና ዲኹም ዝበልኩም? ርኸቡ ኣይትሰኣኑ ደቂ ኤረይ መመሸማዕኩም ሒዝኩም ጥራሕ ጽንሑ። ክሳብ መፋርቕ ወርሒ መስከረም ግን ሰሰናዩ። ናይ ሽዑ ሰቡት ጥራሕ ደብሰና።

**ጥሉል ክራማት!**



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

# ኣብ ቀጽሪ ኤስክፖ

## ‘ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!’

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

**ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ፡ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ቀዳም ሕታምና፡ ነቲ ካብ 10 ክሳብ 18 ነሓሰ፡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ፡ ፌስቲቫል ኤርትራ 2024፡ ብኣባላት ማሕበር ሕርሻዊ-ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ (ማሕደኤ) ብባህርያዊ ፍርያት ተዳልዩ ንምርኢት ናይ ዝቐረበ ቀመማት መግብን ካልእን ዝምልከት ትሕዝቶ ቀዳማይ ክፋሉ ኣቕሪብናልኩም ምንባርና ይዝከር። ንሎሚ ድማ ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋሉ ቀሪቡ ኣሎ - ሰናይ ንባብ፦**



ወ/ሮ ምንጋስ ሃይላይ

ውጽኢት ኣቍጽልትን ፍረታትን ዝኾነ ፍርያት ሒዛ ዝቐረበት ድማ ወ/ሮ ለተኺዳን ካሕሳይ እያ። ሓደ ካብ'ቲ ኣቕሪባቶ ዘላ ውጽኢት ኣቍጽሊ ዝኾነ ቀጽሊ ሻሂ ከርከደ እዩ። ካልእ፡ ኣብ'ዚ ምርኢት፡ ቀጽሊ ሻሂ ናይ ዘይቲ ቡን፣ ቀጽሊ ሻሂ ናይ ኣውሊዕን ቀጽሊ ሻሂ ናይ ቡንን ሒዛ ቀሪባ ኣላ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መሬትና ዝበቝሉ ከም ሸንፋእ ዝኣመሰሉ ጥረታት፣ ከም መከላኸሊ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኣብ ጸብሒ ዝኣቱ ቀጽሊ ኣበሱዳ፣ ቀጽሊ ህሩድን ጅንጅብልን፡ ቀጽሊ ጨና ኣዳም ወዘተ ኣዳልያ ኣላ። እዞም ኣቍጽልትን ፍረታትን፡ ኣብ መዓልታዊ ናብራና፡ ክንሰትዮን ክንበልዖን ከም እንኽእል ገይራ'ያ ኣቕሪባቶም ዘላ።



ወ/ሮ ለተኺዳን ከሕሳይ

ቀጺላ ርእይቶ ዝሃበትና ኣባል ናይ'ዚ ማሕበር ሄለን ገብረሂወት'ያ። ሄለን ኣብ ቁሸት ኲዩና ባዕላ ዘፍረየቶ ሕውስዋስ ቀሎ ሒዛ'ያ ቀሪባ። እቲ ዘቕረበቶ ሕውስዋስ ቀሎ ብኣርባዕተ ዓይነት ማለት ብስገም፡ ፋል፡ ሱፍ፡ ዓተር ሓዋዊሳ ዝዳለወቶ እዩ። ካልእ፡ ባዕላ ዘዳለወቶ ሽሮን በርበረን'ውን ሒዛ'ያ ቀሪባ። እዚ ሽሮን በርበረን ከኣ፡ ካብ'ቲ ካልእ



ሄለን ገብረሂወት

ሽሮን በርበረን ዝፈልዮ፡ ደረጃኡ ዝሓለወን ትሕዝቶኡ ዝተጻሕፎን ምኳኑ ትገልጽ።

መንእሰይ ሊድያ ለታ ብወገና፡ ትሕዝቶ ቀይሕ ጣፍ ዘለዎ ፍርያት ብሽኮቲ ሒዛ'ያ ቀሪባ። እዚ ፍርያት'ዚ ከኣ፡ ካብ ዝዓበየ ክሳብ ዝነኣሰ ክንጥቀመሉ ንኽእል ምኳንና ተረድእ። ብተወሳኺ፡ ቀይሕ ጣፍ ሃብታም ትሕዝቶ ሓጺር ስለ ዘለዉ፡ ንደምናን ካልእ ኣካላትናን ኣዝዩ ጠቓሚ ምኳኑ ትገልጽ። ካልእ እቲ ብሽኮቲ ናይ ቀይሕ ጣፍ ኣብ ክንዲ ብሽኮር ብመዓርን ብዘይ መዓርን ሰሪሓ'ውን ኣቕሪባቶ ። ብዘይካ'ዚ፡ ብሽኮቲ ስገም'ውን ብመዓርን ብዘይ መዓርን ኣዳልያ ኣቕሪባቶ። ካብ በጻሕቲ ጽቡቕ ርእይቶን ምትብባዕን ከምዝረኸበትሉ'ውን ትሕብር።



ወ/ሮ ሊድያ ለታ

ወ/ሮ ራሄል ተኸስተ'ውን፡ ከምቲ ‘ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ’ ዝብል ብዕፉን፡ ምቁር ድንሽ፡ ከምኡ'ውን ብኣሕምልቲ ዝተዳለው ብሽኮቲ ሒዛ'ያ ቀሪባ። ፍርያተን ዝኾነ ከሚካ ኩነ ቀመም ዘይብሉን ኣዝዩ ምቁርን ስለ ዝኾነ፡ ጥዕናኡ ውሑሱ ምኳኑ ድማ ተብርህ። ዕላማኦን ከኣ፡ ህዝብና ብባህርያዊ ፍርያት ዓዱ፡ ጥዕና ዘለዎ ብሽኮቲ ክምገብ ከምዝኾነ ትገልጽ።



ወ/ሮ ራሄል ተኸስተ

ፍርያተን ካብ ፊኖ ወጻኢ ብምኳኑ ህዝቢ ከምዝፈተዎን ከምዘተባብዖንን ከኣ ተብርህ።

ዲ.ኤም.ከይ ምቁር ድንሽ ዝተሓወሶ ፍቱን መኣዛዊ መግቢ ህጻናት'ዩ። ኣባላት ማሕበር ሂወት ተኽለ፡ ኣስመረት ዳምርን ሰምሃር ጉዕሽን ድማ ሓቢረን ነዛ ዲ.ኤም.ከይ ኣፍሪየን ኣቕሪበን ነይረን። ፍርያተን ፍሉይ ዝገብሮ፡ ምቁር ድንሽ፡ ሩዝ፡ ዓለስ፡ ኣእካልን ናይ ቅብኣት ዘራእትን ሓዊሰን ብጽፉፍ ቈልየን ስለ ዘዳለውኦ ምኳኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ንፍርያተን ኣብ ኩሉ ድኳናት ዘርጊሐናኦ ደሓን ዕዳጋ ረኺበናሉ



ሂወት ተኽለ

ስለዘለዋ፡ ካብ ምልላይ ናብ ሸየጥቲ ተሰጋጊረን ከምዘለዋ ትገልጽ።

ወ/ሮ ንግስቲ ሃብተ ድማ፡ ባዕላ ዘዳለወቶ በርበረ፡ ኣዋዝ፡ ሽሮ፡ ድልኽን እንጣጢዕን ሒዛ'ያ ቀሪባ። እቲ ብፍሉይ ኣዳልያ ዘቕረበቶ ከኣ፡ ሃልኪ ንምቍጣብ፡ ብማይ ጥራይ ዝዳሎ ጸብሒ ሽሮ እዩ። እዚ ፡ ነታ ሽሮ ከምቲ ንቡር ኮሚደረ፡ ሽጉርትን ጉዕን ሓዊሳ ኣጥሒና'ያ ኣዳልያታ። ጸብሒ ሽሮ ክንሰርሕ ምስ እንደሊ ከኣ፡ ማይ ጥራይ ኣፍሊሕና፡ ዘይቲ ብላዕሊ ጌርና፡ ብዝሓጸረ ግዜ ጸብሒ ሽሮ ከነዳሉ ከም እንኽእል ድማ ተብርህ።



ወ/ሮ ንግስቲ ሃብተ

ወ/ሮ ምንጋስ ሃይላይ'ውን ኣብ'ዚ ፌስቲቫል ኤርትራ 2024፡ ባዕላ ዘዳለወቶ ሽሮ፣ በርበረ፣ ሕልበት፣ ጥሕኒ፡ ቅጫ ስገም፡ ጅንጅብል፡ በርበረ ጸሊም፡ ቀመም ኣዋዜ፡ ኣባዕኸ፡ ካዕካዕ፡ ኮረሪማ፡ ሄል፡ ቃርፋ፡ ቅንፍር፡ ዲ.ኤም.ከይ፡ ቀመም በርበረ ሒዛ እያ ቐሪባ። ብተወሳኺ፡ ኣብ እዋን ውራያት ብትእዛዝ ናይ ዓማዊል እንጀራ፡ ሃንዛ፡ ጎጎ፡ ቅጫ ዓተር ከምእተዳሉ ሓቢራትና። “እዚ ኣነን ብጾተየን ኣቕሪብናዮ ዘለና ፍርያት፡ ብናይ ውሽጢ ዓዲ ፍርያትን ብባህላዊ መዳይን እነዳልዎ ስለ ዝኾነ፡ ጣዕሙ ምኡዝ፡ ኣብ ጥዕናኡ ድማ ኣዝዩ ብሉጽን ተፈታውን እዩ። ብቐዓቱ'ውን ብኽፍሊ እገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽር ሚኒስትሪ ሕርሻ ስለ ዝረጋገጸ፡ ኣብ ብዙሓት ኣብያተ መግብን ዕዳጋን ተዘርጊሑ ዝርከብ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ብምኳኑ ከኣ፡ ህዝቢ ከም ኣብ ገዛኡ ዝተዳለወ ርእዩ ከይተሰከፈ ክጥቀመሉ ጸገም ከምዘይብሉ ክሕብር እደሊ።” ድሕሪ ምባል፡ ኣብ'ዚ ፌስቲቫል ኤርትራ 2024 ድማ፡ ህዝቢ ብጽቡቕ ይበጽሐንን ይዕድገለንን፡ ሞራል እናሃበ ድማ ብዝብለጸ ኣገባብ ንኽቕጽልኦ ርእይቶኡን ምኽሩን ከም ዝህበን ሓቢራትና። በቲ ኣጋጣሚ ንኹሎም ዘተባብዕወን ኣካላትን ውልቀ-ሰባትን ምስጋንኣ ኣቕሪባ።

ካልእ፡ ኣብ'ቲ ብኣባላት ማሕበር ሕርሻዊ ንግዲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ዝቐረበ ምርኢት፡ ካብ ባህርያዊ ቀመማት ውሽጢ ሃገር ዝተሰርሐ፡ ከሚካ ዘይብሉ ቀመማት ቀይሕን ጻዕዳን ጸብሒ ቀሪቡ ነይሩ። እዚ ኸኣ፡ ሰብ ነቲ መጻንሒ ከሚካል ዘለዎ ዳዶ ወይ መረቕ ደርሆ ንኸይጥቀም እዩ። ብተወሳኺ፡ ብምቁር ድንሽ ዝተዳለወ ናይ ስገም ብሽኮቲ ወዘተ በተን ኣባላት ማሕበር ቀሪቦም ነይሮም። እተን ኣባላት፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ኤስክፖ ፍርያተን ዘላልያሉ ቦታ ንዘዳለወለን ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምምስጋን፡ ዓማዊል'ውን ፍርያተን ኣብ ምግዛእ ንዝገበሩለን ምትብባዕ ኣመስጊነን።

***

ፍናን ተኽለ





ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# "ሰበይቲ ቅብጥር ተሓዝካያ ትነጥር"

ደዋሊ፤ ሄሎው፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ እወ፣ መን ክብል ካበይከ ትድውል ኣለኻ?


ደዋሊ፤ ስመይ ኣድሓኖም እበሃል፡ ካብ ከባቢ ኣስመራ ኸኣ እድውል ኣለኹ። መደወልየይ ምኽንያት ድማ ሓዳር ካብ ዝገብር ልዕሊ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመታት ገይረ ኣለኹ። ኣብ ውሽጢ'ዘን ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመታት ሰለስተ ቈልዑ ወሊድና። ይኹን ድኣ እምበር ሕጂስ መሪሩኒ።

ኣማኻሪ፤ እንታይ ተረኺበ ንኽንድ'ዚ ዓመታት ኣብ ሓዳር ጸኒሕካስ ሕጂ መሪሩኒ ዘብለካ?

ደዋሊ፤ ከም ዘመስለኒ ኣዴታትና ዝመሰልኣ ናይ ቀደም ምስላ ኣላ "ሰብኣይ ቅብጥር ተሓዚካዮ ይነጥር" ትብል። ኣነ ግን ሎሚ ብግምጣሉ ክርእያ እየ። "ሰበይቲ ቅብጥር ተሓዝካያ ትነጥር" ኢለያ ኣለኹ። እዚ ዘበለኒ ድማ፡ ኣነ ብዓልቲቤተይን ደቀይን ኣዝየ እየ ዘኽብር። ካብ ንነብሰይ ንዕኦም'የ ቀዳምነት ዝህብ። ዝኾነ ተወሳኺ ገንዘብ ክህልወኒ እንከሎ በዚ ይሕጉሱለይዶ እናበልኩ ኣብ የሐጉሶም'ዩ ዝበልክዎ መዓላ'የ ዘውዕሎ። ብፍላይ ንብዓልቲቤተይ ቀዳምነት'የ ዝህባ። እዚ ኩሉ ምቅብጣር ግን ክብረት ክረኽበሉ ይትረፍሲ መሕሰርየይ ኰይኑ ኣሎ። ሕጂ ሕጅስ እታ "ንሰበይቲ ኣብ መልሲዶ ኣብ ሳልስቲ" ትብል ማህረምቲ ተተባብዕ ኣካይዳ፡ ብኻዶ ከምኡ ኰይኑ ኣካይዳይ እብል ኣለኹ። ዝኽእሎ ግን ኣይመስለንን። ብዓልቲቤትካ ምህራም ናይ በደላት በደል ኰይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። ብዝኾነ ናብ መደወልየይ ጉዳይ ክኣቱ እንታይ ተገበርኩ'የ ክብረት እናረኸብኩ ሕጉስ ሓዳር ዝመርሕ ክትመኽረኒ ደልየ ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ ደሓን ቅድሚ መደምደምታ ምሃብና እስኪ ገለ ገለ ሕትቶታት ክሓተካ። እቲ እገብሮ'የ ትብሎ ዘለኻ፣ ገንዘብ ምስ ረኺብካ ንብዓልቲቤትካ ንብረት ምግዛእ ጥራይ ድዩ ወይስ ካልእ ትገብሮ ነገራት ኣሎ'ዩ? ብወገን ብዓልቲቤትካ ድማ እንታይ ስለ ዝገበረት'ያ ኣዋሪዳትኒ ትብላ ዘለኻ?

ደዋሊ፤ ኣነ ካብ ስርሐይ ምስ መጻእኩ ግዜይ ኣብ ባራት ይኹን ኣብ ካልእ ዘይጠቅም ነገራት ኣየሕልፎን'የ። ትኽ ኢለ ናብ ገዛይን ኣብ ገዛ ምስ ከድኩ ድማ ኣብ ምሕጋዝ ብዓልቲ ቤተይን ደቀይን'የ ዝዋፈር። እዚ ከም እኒ ኣሰቤዛ ምምጻእን ካልእን ሪጋ ጌርካ ክርከብ ዝኽእል ነገራትን ብፍጹም ኣይምልከታን'ዩ። ምስ ሰዓታት ስርሐይ ብዝሰማማዕ መገዲ'የ ዝገብሮ። ኣብ ክልተ ሰሙን ከኣ ጥስቲ ዘርጊሕና ክልቴና ኢና ንሓጽብ። ቈልዑ ምሕጻብን ናይ ሸንቶም ነገር ምቅይያርን ዋላ ደቀይ ዝፈልጥዎ ስርሐይ'ዩ። እዚ ክገልጸልካ ዝፍትን ዘለኹ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝረኸብክዎ ንብዓልቲቤተይን ንደቀይን ዝብል ተግባረይ'ዩ። ከም ሳዕቤን'ዚ ባህርየይ'ዚ ኸኣ ብትእዛዝ ልበይ ጠፊኡኒ'ዩ፣ ከይትስሕቀኒ እምበር፡ ንሳ ሰብኣይ ኣነ ኸኣ ሰበይቲ ተቐይርና ኢና። ኣረ ኣዕሩኽተይ ከም ዕላል ኣምጺእና ክንዛረበሉ ከለናስ ዝብሉንስ ካልእ'ዩ። ኣነ ግን ብመትከል ስለ ዝኣመንኩሉ ቅጭጭ ኣይብለንን ነይሩ፣ ሕጂ ግን እንድዒ!።



ኣማኻሪ፤ ብዓልቲቤትካ ትሰርሕ ድያ?

ደዋሊ፤ ኣብ ንግዲ ትዋፈር እንድያ፣ ግን ኣትኪላ ምሉእ ግዚኣ ኣይተጥፍኣሉን'ያ። ብዙሕ ሓሻሺት ኣይኰነትን። እቲ ቀንዲ ጸገማ ዕላል እንተ ጀሚራ ዘይተቋርጽ ምዃና'ዩ። መመኽነይታ ምቕራብ ዝወዳደራ የለን። ካብ ዝገርመካ ከተመኽንይ ከላ ዘይፈለጥክዋ'ዩ ዝመስላ፣ ኣነ ግን ሸለል ደኣ እየ ዝብል እምበር ኩሉ ሸጣራታታ ጽቡቕ ገይረ እፈልጦ'የ።

ኣማኻሪ፤ ንዓመታት ኣብ ሓዳር ጸኒሕኩም፣ ሕጂ እቲ ሃጓፍ ብኸመይ ተራእዩካ?

ደላዩ ምኽሪ፤ ደቅና በብናይ ሰለስተ ዓመት ፍልልይ እዮም ተወሊዶም። እታ ሕሳስ ልደት ጓልና ሕጂ ሸውዓተ ዓመት ገይራ'ላ። በዚ መሰረት ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ናይ ሕርስን ጥንስንን ምዕባይ ቈልዓናን'ዩ ኢለ እሓስብ ስለ ዝነበርኩ፡ ሕርሳ ድማ ብመጥባሕቲ ስለ ዝኾነ፡ ከይትህሰ ከይትሽገር ኢለ ድማ ስለ ዝሓስብ ብዙሕ ንስራሕ ኣይሰሳዕኩዋን። እዚ ኣነ ብጽቡቕ ሓሳብ ዝገብሮ ባህርያት ግን ንብዓልቲቤተይ ሰበይትነታ ኣጥፊእዎ። ሕጂ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ፡ ትእዛዝ ግደፎ መወዳድርቲ የብሉን። እንተ ብዛዕባ ንጥፈት ስራሕ ኢልካ ድማ ዳርጋ ደስኪላ። ምስ ካልኦት ኣንስቲ ብፍላይ ድማ ምስ ኣንስቲ ኣዕሩኽተይ ከወዳድራ ከለኹ፡ ኣዕሩኽተይ ብፍጹም ኣብ ስራሕ ገዛ ኢዶም ዘየእትዉ ክነሶም ክብሮም ብፍሉይ እዩ ዘቐንኣኒ። ኣዝየን እየን ዘኽብራኦም። ስለዚ ድማ'የ ኩሉሙሉ ክደማምሮ ከለኹ ረብሪበ ዘበለኒ።

ኣማኻሪ፤ ሕጂ ብቐዳምነት ብዛዕባ ባህርኻ እንተ ሓሲብና፡ እዚ ናይ ብዓልቲቤትካ ግብረ-መልሲ እንተ ዘይትረኽብ ምቐጸልካሉዶ? ማለት ክትገብሮ ከለኻስ ኣሚንካሉ ዲኻ ወይስ ተገዲድካ ኢኻ ጌርካዮ?

ደዋሊ፤ ኣነ ኣጸቢቐ'የ ዝኣምነሉ፣ በቲ ሓደ ሸነኽ ዘዕበዩኒ ወለደይ ኣርኣያይ እዮም። በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ከም ሰብ ጓል ኣንስተይቲ ክትውጻዕ ምርኣይ ብፍጹም ኣይቅበሎን'የ። ደሓር ከኣ ሕሰብ እንተ ኣቢልካዮ ንብዓልቲቤትካ ምኽባር ንገዛእ ርእስኻ ምኽባር ማለት ዶ ኣይኰነን? ኣነ ግን ይሕሸለይ እንተ በልኩ ብኣንጻሩ ኰይኑኒ እምበር።

ኣማኻሪ፤ ካብዚ ትኣምነሉ ጽባቐ ባህርኻ፡ ሕጂ ኣብዚ ዘለኻዮ ግዜ ኴንካ ዝዕሪ ነገር ኣሎ ኢልካዶ ትሓስብ?

ደዋሊ፤ ኣቐድም ኣቢለ ከም ዝነገርኩኻ ኣነ በቲ ኣለኒ ዝበልኩኻ ባህሪ እሕበን እየ ነይረ፣ ሕጂ ግን ውጽኢቱ ክርእይ ከለኹ፡ ገለዶ ዘይፈለጥክዎ ጌጋ ኣለኒ ኢለ እሓስብ። ከምቲ ኣዕሩኽተይ ዝኽድዎ ዘለዉ ኣካይዳን ዝሃቦም ውጽኢቱ ክርእይ ከለኹ ድማ ብኻዶ ከምቲ ናታቶም ዝብል ስምዒት'ውን ይለዓለኒ'ዩ። ብሓፊሻ ትብለኒ እንድዒ እምበር ኣነስ ውዱእ ስምዒት ክህልወኒ ኣይከኣለን።

ኣማኻሪ፤ ርኢኻ ኣለኻ ኣድሓኖም፡ ሰብ ነናቱ ጽባቐ ኣለዎ። ንጽባቐኡ ጽባቐ መጻምድቱ ክሕወሶ እንከሎ ድማ ዝበለጸ ጽባቐ ይኸውን። ብመሰረቱ ካብ ኣካይዳኻ ከም ዝረኣኽዎ ወጽዓን ድኻምን ደቂ ኣንስትዮ ዘይወሓጠልካ ምዃንካ ብፍሉይ ናይ ሓዳር ጅግና ክብል እፈቱ። ካብቲ ንስኻ ዝበልካዮ ዝወጽእ ኣይኰነን፣ ንብዓልቲቤትካ ምሕጋዝ ማለት ንገዛእ ርእስኻ ምሕጋዝ ማለት'ዩ። ግን ሓገዝ ማለት ናይቲ ብጻይካ ስራሕ ምስራሕ ማለት ኣይኰነን። ናይ ወዲ ስራሕ ናይ ሰበይቲ ስራሕ ዝበሃል እኳ እንተ ዘይሃለወ፡ ንኹሉ ክዉንነት ኣብ ግምት ብዘእተወ መገዲ ትሰርሖ ስራሕ ተላዚብካ ጽባቐ ክህብ ብዝኽእል መገዲ ክልተኻ ክትሰርሕ ጥቡብ'ዩ። ሰብ ነቲ ደጋጊሙ ዝገብሮ ነገርን ደጋጊሙ ዝረኽቦ ነገርን ልማድን ከም ግቡእካ ናይ ምውሳድ ባህርን ከማዕብል ተኽእሎኡ ኣዝዩ ልዑል'ዩ። በዚ መሰረት እቲ ልክዑ ዝሓለፈ ሓልዮት፡ ንብጻይካ ከልምሶ ይኽእል እዩ እሞ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ተሃድሶ ዘድሊዶ ኣይመስለካን?

ደዋሊ፤ "ክንዲ ዝኹለስኩ ኢደይ ተነኽስኩ!" ድዩ ዝበሃል፣ ሓገዝ ድኣ በየን ሸነኹ ከልምሶካ? የበርትዓካ እምበር። ካብቶም ካልኦት ሰብኡት ዝሓሸኩ'የ፣ ብኹሉ ሸነኻት ሓልዮተይ ዕዙዝ እዩ። ልዕሊ ዝኾነ ኩሉ እምበር ክብሪ ምተገብኣኒ። ኣነስ የልምስ እዩ ኢለ ኣይሓስብን።

ኣማኻሪ፤ ቅኑዕ ሓሳብ'ዩ፣ ሓገዝ ድኣ ይምስገን እምበር ብኸመይ ከም ጉድለት ይጥመት ምባልካ ቅቡል'ዩ። እዚ ግን ሓደ ኰርናዕ ናይ ሓገዝ'ዩ። ሓገዝ ማለት እኮ ደገፍ ማለት'ዩ። ደገፍ ዘድሊ ድማ ነቲ ምሉእ ብምሉእ ብባዕሉ ደው ክብል ዘይክእል ድርኺት ፈጢርካ ከም ዝቐውም ምግባር ማለት'ዩ። ደገፍን ምጻርን ዝተፈላለየ'ዩ። ምጻር ኣበርክቶ ናይቲ ዝጽወር ነገር የለን፣ ኣብ ደገፍ ወይ ሓገዝ ግን ይውሓድ ይብዛሕ ኣበርክቶ ኣሎ። በዚ መሰረት ዓቕኑ ዝሓለፈ ሓገዝ ናብ ምጻር እዩ ዝሰግር እሞ፡ ብዓልቲቤትካ ኸኣ ደገፍ ደኣ'ምበር ምጻር ስለ ዘየድልያ፡ ንስኻ ኸኣ ናይ ምጻር ተግባር እንተ ጌርካ ናይ ምልማስ ሳዕቤን ዘይተርፍ ይኸውን። ብርኽቲ ኣደ መበስረዊት ዝበሃልዶ ሰሚዕካ ትፈልጥ?

ደዋሊ፤ እንድዒ ሰሚዐ እኸውን። ግን እንታይ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪ፤ ብርኽቲ ኣደ ኵሉ ናይ ገዛ ዕዮኣ ደሓን ባዕለይ ክገብሮ'የ እንተ ኢላ፡ ደቃ መዓስ ክመሃሩ ይኽእሉ ኢልካ ትሓስብ? ክጋገዩን ካብ ጌግኦም ክመሃሩን እንተ ዘይክኢሎም፡ መዓስ ቅኑዕ ነገር ክኽእሉን ክለማመዱን ይኽእሉ? ጽባሕ ብውልቅኻ ትነብረሉ ግዜ እንተ መጺኡ ንኣደኻ ዲኻ ምሳኻ ክትወስድ፡ ወይስ ጽግዕተኛ ጥራይ ኴንካ ዲኻ ክትነብር? ብዓልቲቤትካ ድማ ክእለትን ናይ ስራሕ ባህግን ክህልዋ እኮ ይኽእል'ዩ፣ ግን ብዝተፈላለየ መገዲ ንስኻ ትገብሮ ስለ ዘለኻ፡ እቲ ናታ ናይ ስራሕ ግዜ ንስኻ እንተ ወሲድካዮ እሞ ንሳ እንታይ ትስራሕ? ተጽዕኖ ዝኾና ነገር እኮ የለን። ከምቲ ኣቐድም ኣቢልካ ዝጠቐስካዮ ከይፈተወት ዕላሉ ናይ ምዃን ባህሪ ተማዕብል እሞ ነቲ ግዜኣ ብዝሮትን ብዕላልን ትትክኦ። በዚ መሰረት ንስኻ ኣማዕቢልካዮ ከይትኸውን ምሕሳብ የድልየካ'ዩ። ብዝኾነ ግን ንሽግርካ መፍትሒዶ ክኸውን ይኽእል ብዝብል ሓሳብ ንማህረምቲ ከም ኣማራጺ ኣቐሚጥካዮ። ብርግጽ እተን ከም ኣብነት ዝጠቐስካየን ኣንስቲ ኣዕሩኽትኻ ማህረምቲዶ ኣጸቢቐወን ይኸውን? ወይ'ውን ብርግጽዶ ጽቡቕ ይህልዋ ይኾና?

ደዋሊ፤ ክትብለኒ ዝጸናሕካ ነገራት ብርግጽ ሓቂ'ዮም። ዝነበረ ኣካይዳይ ተመሊሰ ክግምግም ከለኹ ናይ ብዓልቲቤተይ ጸገም ኣነ'የ ክኸውን ዝኽእል። ብዝኾነ ግን ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ ዓቕሊ ጸበት'ዩ እምበር ማህረምቲ ድኣ እንታይ ፍታሕ ክኸውን፣ ብኹሉ ሸነኻቱ ክሳራ'ዩ። ግን ናብ ኰነታተይ ተመሊሰ ክሓስብ ከለኹ ሕጂ ነዚ ባህሪ'ዚ ከማዕብል ከለኹ ጸገምዶ ኣይፍጠርን? ብርግጽ ጉድለተይ ተቐቢለ ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ ኣብዚ ሕትቶ'ዚ ከምዝን ከምትን ምስ እትገብር ቅልጡፍ መፍትሒ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ምባል ዝከኣል ኣይመስለንን። ምኽንያቱ፤ ክጥቀሱ ዝኽእሉ መፍትሒታት ንዓቕምኻን ንኩነታት ቤትካን ብዓልቲቤትካን ዘይገጥሙ ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ። ግን ክስተብሃለሎም ዝግባእ ነጥብታት ምጥቃስ ይከኣል'ዩ።

(1) ከተተኣታትዎ ዝመረጽካዮ ባህሪ መጀመርያ ንስኻ እመንሉን ተቐበሎን።

(2) እቶም ክትገብሮም ደሊኻ ዘለኻ ባህርያት ቅድም ቀዳድም ብንዓይ ጥራይ ይጥዓመኒ ዘይተሃንጹ ምዃኖም ኣረጋግጽ።

(3) ለውጢ ቃንዛ ክፈጥር ከም ዝኽእል ተረዲእካ ንትዕግስትን ዓቕልን ተዳሎ።

(4) ንለውጢ ዝኸውን ዓቕሚ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝፈላለ ምዃኑ ኣይትረስዕ።

(5) ካብ ብዘረባ ብግብሪ ክትላበሶም'ውን ሓገዝቲ እዮም። እዞም ነገራት'ዚኦም ምስ ኩነታትካን ምስ ባህርን ዓቕምን ብዓልቲቤትካን ኣሳንዮም ክሕግዙኻ ይኽእሉ'ዮም።

ሕድሕዳዊ ምብህሃል'ውን ክሰገር ዘይግብኦ መፍትሒ እዩ። ብግልጺ ምስ ብዓልቲቤትካ ክግበሩ ዝግብኦምን ዘይግብኦምን ተዘራረብ። ምናልባሽ'ውን ዝተሰምዓካ ስምዒት ብግልጺ ነጊርካ ንምፍትሑም እንታይ እንተ ተገብረ ይሓይሽ ኢልካ'ውን ምስኣ ተዘራረብ።

ደዋሊ፤ ብልቢ ኣመስግነካ፣ ጽቡቕ ሓገዝ'ዩ። ገለ ገለ ክበርሁለይ ዘደልዮም ነገራት ኣሎዉ እሞ፡ ምስ ጀመርክዎዶ ክድውለልካ?

ኣማኻሪ፤ ቅሰን! ኣብዛ ዝደወልካለይ ግዜ ክትረኽበኒ ትኽእል ኢኻ። በርትዕ!

ደዋሊ፤ የቐንየለይ!



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ጽውጽዋይ

## ብዓል ቡት ድሙ

### ካልኣይ ክፋል

“ሕጂ ከኣ ካብቲ ጐይታኻ ዝተላእከ? መሰፍን ናይ...?”

“እወ ናይ ካራባስ ክቡር ንጉሱ፡”

“እው፡ እው፡” በለ እቲ ንጉስ መሰፍን ናይ ካራባስ ክበሃል ሰሚዑ ብዘይ ምፍላጡ እናተገረመ። ከምኡ ኩብል ግን ኣይደለየን፡ “ግርም! ኣዝዩ ሕያዋይን ጥዑይን ሰብ’ዩ ንሱ። እዘን ኣዕዋፍ ካበይ ዝመጽኣ’የን ብጺይ ድሙ?”

“እወ ካብቲ ናይ ጐይታና ናይ ሃድን ቦታ ዝመጽኣ’የን። ክቡር ንጉስ ንሱ ኣዝዩ ሰፊሕ ናይ ሃድን ቦታ ኣለዎ፡”

“ልክዕ! ልክዕ! በል ምሲጋናና ምብጻሕ ኣይትረስዕ። ንኣኻ ከኣ ንድኻምካ እንካ እዘን ሒደት ኣዋርቅ ውሰደን፡”

“ኣዝየ አመስግን ክቡር ንጉሱ፡”

“ጸገም የብሉን፡ ደስ እናበለኒ። ኣዝዩ ሊጋስ ጐይታ’ዩ ዘለካ። ኣዝዩ ንፋዕ ሰብ’ውን’ዩ። መሰፍን ናይ ምንታይ ኢኻ ዝበልካኒ?”

“ናይ ካራባስ ክቡር ንጉሱ፡”

“እወ መሰፍን ናይ ካራባስ። እህእ!! እወ...፡”

እቲ ድሙ ነቲ እቲ ንጉስ ዝበሎ ዝበረ ክሰምዕ ኣይደለየን። ምኽንያቱ፡ ንሱ ከምቲ ሓላዊኡ ተገሪሙ ብምንባሩ ንፍርቂ ሰዓት ዝኣክል ሽም ናይ እቲ መሰፍን እናጸውዐን ቡቲ ሓደ ወገን መን ምዃኑ እናተገረመን ቡቲ ካልእ ድማ ከመይ ዝበልዎ ንፋዕን ሊጋስን ምንባሩ ይዛረብ ነበረ።

እቲ ድሙ ገዛ ምስ ተመልሰ፡ ሕጂ’ውን ብዛዕባ’ቲ ዘጋጠሞ ንጐይታኡ ኣይነገሮን። ቡተን ዝምጽኣን ኣዋርቅ ግን ጽቡቕ መግቢ ክረኽቡ ከኣሉ።



ካብ ሽዑ ንደሓር፡ መዓልቲ መዓልቲ ናብቲ ንጉስ ህያባት ክወስድን፡ ካብቲ ናይ ጐይታኡ ናይ ሃድን ቦታ ከም ዝመጽአ ንንጉስ ከሳብርን ጀመረ። እቲ ንጉስ ድማ ብልግስን ለውሃትን ናይ ርእይዎ ዘይፈልጥ መሰፍን ናይ ካራባስ ይግረምን ምሲጋናኡ ይገልጽን ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ግን ሓላዊ ናይቲ ቤት ንጉሱ፡ ነቲ ድሙ እታ እትቕጽል መዓልቲ ንንጉስ ከም ዘይረኽቦ ነገሮ፣ “ምኽንያቱ ብጻይ ድሙ፡ ጽባሕ ምስታ ዝጸበቐት ልእልቲ ጓሉ ክዛወር ክኸይድ ስለ ዝኾነ፡”

“ናይ ሓቂ?” ሓተተ እቲ ድሙ ኣእዛኑ ብምጽላው፡ “እንታይ ትብል ወደይ? እቲ ዝኸድዎ መገዲ መቸም ምስጢራዊ ከይኩነ ኣይተርፍን’ዩ ሓቀይዶ?” ሓተተ።

“ምስጢራዊ ዘይኩነ! ነቲ ደንደስ ውሕጅ ተኸቲሎም ክንጓዙ’ዮም። ኢሂ ብጻይ ድሙ እንታይ ዘሕስብ ተረኺቡ ድኣ?”

“ዋላ ጥራይ ጽባሕ ኣብዚ ክመጽእ ከም ዘይብለይ ንኩብሰይ ከዘኻኽሩ’የ ጸኒሑ። የቐንየለይ! ብሩኽ መዓልቲ!” ኢሉ እቲ ድሙ ናብ ገዛኡ ተቐላጢፉ። ተሓጒሱ’ውን ነበረ። ምሕሳብ’ኳ ይሕስብ’ዩ ነይሩ፣ ሓሳቡ ግን ብዛዕባ እቲ ሓላዊ ዝበሎ ኣይነበረን። ገዛ ምስ ኣተወ፡ “ጐይታይ! ጐይታይ! ሕጂ ዝመኸረካ እንተሰሚዕካ፡ መጻኢ ዕድልካ ብጽቡቕ ተወሲኑ ማለት’ዩ። ሓንቲ ካባኻ ዝሓታ፣ ጽባሕ ምሳይ ኬድካ ኣብቲ ውሓዚ ኑብሰኻ ተሓጸብ። ዝተረፈ ናባይ ግደፎ፡” በሎ።

ዝገርም’ዩ ኑብሰኻ ኣብ ውሓዚ ብምሕጻብ መጻኢኻ ምውሳን! ሰሚዕዎዶ? ሓሰቡ ሓሰቡ እቲ ድሙ ዝበሎ ምግባር ከም ዘየሕፍር ተገንዘበ። ከምደሲ ካብቶም ኣብ ዓለም ዝነበሩ ደማሙ እቲ ዝበልሐን ዝፍዕን ብምንባሩ። ኣዋርቕ ናብ ገዛ ሒዙ ዝመጽእ ድሙ ኣበይ ዓዲ ተራእዩ? እቲ ወዲ’ቲ ጡሓናይ፡ “ግርም መደብካ’ኳ ኣይተረድኣንን፡ ግን ከም ዝበልካዮ ክገብር’የ፡” በሎ።

“ጽቡቕ!” መለሰ እቲ ድሙ፣ “ሓንቲ ካልእ ንእሽቶ ነገር ከኣ ኣላ ጐይታይ፡ ዝኾነ ሰብ ብሓድሽ ሽም እንተጸዊዑካ፡ ማለተይሲ ኣለካ ምሽ መሰፍን ናይ ገለ ዓዲ እንተ በላካ፣ ምናልባት’የ ዝበለካ ኣይትገረም። ዝገበርካ ጌርካ ዝተገረምካ ኣይትምሰል። ኣነ ኣይኩንኩን ድማ ከይትብል፡ ” በሎ።

እቲ ወዲ ጡሓናይ ሰሓቐ፡ “ሕራይ ግን እዚ ትሰርሖ ዘለኻ ገለ ጸገም ዘየምጽእ ክኾውን ተስፋ እገብር፡” በሎ።

ንጽባሒቱ ተተሓሒዞም ናብቲ ወሓዚ ከዱ’ሞ፣ እቲ ወዲ ጡሓናይ ክዳውንቱ ኣውጺኡ ኣብቲ ማይ ብምእታው ክሕጸብ ጀመረ። እቲ ድሙ ድማ ብትሕቲ እቲ ዓቢ እምኒ ኣብ ጥቓ’ቲ ወሓዚ ዝነበረ ተሓብአ። ጸኒሑ ድምጺ ሰረገላን ኳዕኳዕታ ኣፍራሰን ክሰማዕ ጀመረ። ጓሉ ነቲ ንጉስ ኣብ ጉድኑ ኮፍ ኢላ በታ ወርቃዊት ሰረገላ ይሓልፉ ምንባሮም ምስ ረኣየ፣ እቲ ድሙ ናብቲ ጽርግያ ወጺኡ ብዓውታ፡ “ሓግዙኒ ሓግዙኒ! ጐይታይ ይጥሕል ኣሎ! መሰፍን ናይ ካራባስ ይጥሕል ኣሎ፡” በለ።

**ይቕጽል**

---

## ደብዳቤ ካብ ኣቦሓጎይ

### ዓበይቲ ኣይፈትውናን...



ብሩኻት ደቀይ ከመይ ቀኒኹም? ክረምታዊ ዕረፍቲ ከመይ ኣሎ? ...ግርም እዙም ደቀይ!! ሰናይ ክረምቲ ይግበረልኩም!!

ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኣውቶቡስ እድይብልኩም። ኮፍ መበሊ ረኺበ ድማ ኮፍ በልኩ። ብድሕረይ ብግምት ሓደ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ዝኸውን ቈልዓ ኮፍ ኢሉ ነበረ። ኣብ መጀመርታ ፈርማታ ስለዝኾነ ብዙሕ ሰብ ኣይነበረን። ብሒሓደ ግን እታ ኣውቶቡስ ሰብ ክትመልእ ጀመረት።

ኣውቶቡስ ቅድሚ ምብጋሳ፡ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ መጺኤን ኣብ ቅድመይ ደው በላ። ኣነ ድማ ነቲ ድሕረይ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ቈልዓ ግልጽ ኢለ ብምርኣይ፡

“ብሩኽ ወደይ ዓባይ ሰበይቲ ደው ኢለን ኣለዋ እሞ ኮፍ ኣብለን?” ኩብል ብትሕትና ተዛረብኩዎ።

“ኮፍ ኣየብላን እየ፡” ቈልዓ ከይተገደሰ ብሓውሲ ኵራ ተዛረበ።

“እሂ ዝወደይ ተጸሊኡካ ድዩ?” ገሪሙኒ ሓተትኩዎ።

“ኣይተጸልኣንን ጥዑይ እየ ዘለኹ። እንተኾነ ዓበይቲ ክጸልእ መዓት እየ፡” ቈልዓ ነቐጸ።

“እዚ ወደይ ብሩኽ ከምኡ ዘይበሃል? እንታይ ኴንካ ኢኻ ዓበይቲ ትጸልእ!?” ሰንቢደ ሓተትኩዎ። ዘረባኡ ካብ ትጽቢተይ ወጻኢ ስለዝኾነ ጉሃኹ።

“ዓበይቲ ቈልዑ ስለዘይፈትዉ! ዓበይቲ ቈልዑ ክጸልኡ መዓት እዮም፡” ኣተኩሩ እናጠመተኒ መለሰለይ።

“እዋእ!! ዓበይቲ ድኣ ቈልዑ ንፈቱ እምበር! ንሕና እኮ ቈልዑ ኴይንና ኢና ዓቢና! ብሩኽ ወደይ ዓበይቲ ቈልዑ ክንፈቱ መዓት ኢና። ናይ ልብና ኢና እንፈትወኩም፡” ናይቲ ቈልዓ ዘረባ ኣሰደመመኒ። ገለ ዘጋጠሞ ከይህሉ ፈራህኩ።

“ዓበይቲ ብኣፍኩም ኢኹም፡ ‘ቈልዑ ንፈቱ’ ትብሉ እምበር ቈልዑ ኣይትፈትዉን ኢኹም?!” ቈልዓ ከይተገደሰ ተዛረበ።

ኣብ ጥቓ እቲ ቈልዓ ዝነበረ ተሳፋሪ ኣውቶቡስ ጽን ኢሉ ይሰምዕ ነበረ። ኣዴኡ ኣብ ቅድሚት ስለዝነበረት ኣየቕለበትን።

“ኣቦይ ዓቢ፡ ዋና ገዛና ንማማ ‘ቈልዑ ኣብዚሕኪ ስለዘለኺ ካብ ገዛ ውጽኢ ኢላታ’፡ ማማ ድማ ካልእ ገዛ ክትደሊ ጀሚራ። እቶም ካልኦት ዓበይቲ ዋና ገዛ ድማ፡ ‘ቈልዑ እንተለኩም ገዛ ኣይነካርን ኢና። ቈልዓ ዘይብሎም ኢና ንደሊ’ ኢሎማ ክሳብ ሕጂ ትኾልል ኣላ። እሞ ንሕና ቈልዑ ድኣ ኣበይ ክንነብር ደሊኹምና!? ኣቦይ ዓቢ ቈልዓ ከይኮንኩም ዲኹም ዓቢኹም። ንሕና ንዓበይቲ ሰቕ ኢልና ንለኣኽ። ዓበይቲ ኢልና ሰቕ ኢልና ማይ ንወርድ። ንሕና ቈልዑ ዘይጸላእናኩም ከለና፡ ንስኹም ከመይ ገርኩም ትጸልኡና? ንሕና’ኮ ናይ ጽባሕ ዶክተራት፡ ናይ ጽባሕ ኢንጅነራት፡ ናይ ጽባሕ መምህራን ኢና። ስለዚ ከመይ ገይርኩም ትጸልኡና። ቈልዓ ዘይብሉ ገዛ ጽቡቕ ድዩ?” ቈልዓ ናይ ውሽጡ ተዛረበ። ኣብታ ኣውቶቡስ ዝነበርና ኵልና ርእስና ሓዚና ሰቕ!!

ኣዲኡ ዘረባ ወዳ ሰሚዓ ብሕፍረት ሰቕ በለት።

ኣነ ዝበሎ ጠፊኡኒ፡ “ብሩኽ ወደይ እዚ ጌጋ እዩ። ከምዚ ዝበሉ ዓበይቲ ድማ ንኹሎም ጸለእሎም። ከይተረድኣና ኣብ መርዓ ይኹን ካልእ ነገራት ንኽልክለኩም ኢና። እምበር ቈልዓ ድኣ ህያብ ኣምላኽ እንድዩ! ቈልዓ ዘይተፈትወ ድኣ መን ይፍቶ!?” ብምባል ተዛረብኩዎ ናይቲ ቈልዓ ብልሒ እናገረመኒ።

“ኣነ ክርደኣኩም ኢለ እምበር ዓበይቲ ደዉ ኢሎም እንክለዉ ኮፍ ኩብል ደለየ ኣይኮንኩን። ዓበይቲ ግን ቈልዑ ኣይትፈትዉን ኢኹም። በጃኹም ፍተዉና!?” ካብቲ ኮፍ ዝበሎ ተንሲኡ ነተን ዓባይ ሰበይቲ ኮፍ ኣበለን።

እተን ዓባይ ሰበይቲ መረቓኦ። ብዘረባ እቲ ቈልዓ ዝተገረማ ይመስላ።

ኣነ ድማ፡ ነቲ ቈልዓ መረቕ፡ “ብሩኽ ወደይ ሎሚ ዓቢ ትምህርቲ ምሂርካና ኣለኻ። የቐንየልና!! ድሕሪ ሕጂ ኵልና ከምኡ ከይንብል ክንቃለስ ኢና። ኣብ ናይ ቀዳም ጋዜጣ ጽሒፈ ድማ ንኹሉ ዓበይቲ ዓገብ ክብለልካ እየ። እምበር ቈልዑ ድኣ ግርማ ገዛ፡ ግርማ ካንሸሎ፡ ግርማ ሃገር... እንድዮም፡” በልኩዎ።

“ኣቦይ ዓቢ የቐንየለይ!! ንሕና ቈልዑ ናይ ጽባሕ ዕንባባ ስለዝኾንና ብሕማቕ መልሓስ ከይተቐምሱልና ጥንቃቐ በሉ። ኩልኹም ድማ ናይ መልሓስ ዘይኮነ ናይ ልቢ ፍተዉና። ቈልዑ ምንባርኩም ድማ ዘክሩ፡” እቲ ቈልዓ ብርእሰ ተኣማማንነት ተዛረበ።

“ሓቐኻ’ዚ ወደይ ኣነ ብወገነይ ንኹሉ እናተዛረብኩ ክነግር እየ። ለባም ቈልዓ ኢኻ። የዕቢኻ እዚ ወደይ፡” ስሒበ ስዓምኩዎ።

ፍቱዋት ደቀይ እዚ ቈልዓ ዝሃበኒ ትምህርቲ ጽሒፈልኩም ኣለኹ። ንስኹም ድማ ነዛ ጋዜጣ ንስድራኹም ኣንብቡሎም። ናይዚ ቈልዓ ዘረባ ዓቢ ቁም ነገር ስለዘለዎ ንስኹም ድማ ሕማቕ ክትርእዩ እንከለኹም ብጥበብ ክትኣልይዎ ፈትኑ።

ወደሓንኩም ካልእ ግዜ ክሳብ ዝጽሕፈልኩም ሰናይ ቅነ!!



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

(ካልኣይን መወዳእታን ክፋል)

## ምሕደራ ፍልጠት

## መሰረት ምሕደራ ለውጥን ትካላዊ ብቕዓትን



**ካብ ወጻኢ ሃገር ክሰርሑ ካብ ዝመጽኡ ሞያተኛታት ፍልጠት ምስራቕ ሓጥያት ዶ ይኸውን?**

ከምቲ ጥብ ዝበለት ማይ ንምዕቃብ ንወፍሮ፡ ኣብ ትካልና ጥር ትብል ፍልጠት ንምዕቃብ ክንወስዶ ዝግበኣና ተበግሶታት ክንዝርዝር። ኣብ ኩሉ ዓውዲ፡ ፈላጣትን ብሉጻት ክንከውን ስለዘይንኽእል፡ ኣብ ገለ ግዜ ካባና ዝለዓለ ፍልጠት ዘለዎም ሞያተኛታት ክንቈጽር ንግደድ ኢና። እቶም ንቈጽሮም ሞያተኛታት ደቂ ሃገርና ምስ ዝኾኑ፡ 'ናባይ ከይዱኒ' ኢሎም ስለዝሓስቡ፡ ንኽካፍሉና ጸገመ የብሎምን። እቶም ዝተቈጽሩ ሞያተኛታት ካብ ካልእ ሃገር ዝመጽኡ ምስ ዝኾኑ ግን፡ ኣብ ሰናይ ድሌቶም ክንምርኰስ ግድን ይኸውን። ካብ ካልኦት ተጸበይቲ ኴንና ክንነብር ብኹለንትንኡ ምቹእ ስለዘይኮነ፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ፍልጠቶም ከነትርፎ የድልየና። ምስራቕ ዘድሊ ምስ ዝኸውን'ውን ዓይንና ከይሓሰና ክንሰርቆ የድልየና። ከምቲ ድምጻዊ ኣብራሃም ኣፈወርቂ "ፍቕሪ'ዩ እምነተይ፡ ሓጥያት እንተ ኾይኑ ክጸድቕ ኣይደልን" ዝበሎ፡ ንሕና'ውን 'ፍልጠት ምስራቕ ሓጥያት እንተ ኾይኑ ክንጸድቕ ኣይንደልን' ኢልና፡ ዘድልየና ፍልጠት ካብ ምዝማት ኣይንቈጠብ። ወዮ ደኣ ጥዑም ሽም ሂቦሞ እምበር፡ 'ምስናዕ' ኣካል ምሕደራ ፍልጠት እዩ። ከም ቻይና ዝኣምሰላ ዓበይቲ ሃገራት፡ ቍጠባኦን ንምዕባይ ዘካየደኦ ዝምታ ፍልጠት፡ ሓደ ካብተን ብቕጠባ መወዳደርቲ ዘይብለን ሃገራት ከም ዝኾና ገይሩዋ እዩ። ሓደ ንብረት ምስ ተማሕዘ፡ ካልኣይ ክመሃዝ ኣየድልዮን እዩ። ስለዚ፡ ካልኦት ዝመሃዝዎ፡ ንሕና ንዓና ብዝጥዕም ኣገባብ ሰኒዕና ክንጥቀመሉ እንታይ ኣበሳ ኣለዎ። መሕልፎ ንሕብረተሰብና ብምግልጋል ካብ ድኽነት ነገላግለሉ ፍታሕ ዝቐርብ ምስ ዝኸውን ዝያዳ ዓሰቢ ኣለዎ። እዚ ክንገብር ግን ብልዑል ህርፋንን ኣቓልቦን ንፍልጠት ክንሃድና ምስ እንጅመር እዩ። ካብ ኣብ ቦታ ስራሕና ዝቝጸሩ ሞያተኛታትን ምስ ፕሮጀክትታት ተሰንዩ ዝመጽእን ፍልጠት በርቢርና ክንፈልጥ ንደሊ ዶ? ወይስ እቶም ሞያተኛታት ዝበሉና ጥራይ ኢና ከነተግብር ንሓስብ? ሎሚ እኹል ባጀት ሃልዩና ነውፍሮ ዓቕሚ ሰብ፡ ብዘይካ እቲ ንሸዑ ዝዓየ፡ ንጽባሕ ከትርፎ ዘለዎ ሓድጊ ፍልጠት ኣበይ ነስፍሮ? ብሓደ ስራሕ ናብ ባጽዕ (ሚ/ሃብቲ ባሕሪ፡ ግንቦት 2022) ምስ ከድኩ፡ ምስቶም ኣብኡ ዝርከቡ መንእሰያት ብዛዕባ ዝገብርዎ ንጥፈታት ኣዕሊለ ነይረ። ንምሕደራ ፍልጠት ዝመልከት ነጥብታት ኣብቲ ዕላል ምስ ኣልዓሉ፡ እንታይ ከም ዝገበሩ ብምድናቕ ሓተትክዎም። ሓደ ካብቲ ዝገበርዎ ንጥፈት፤ ንነፍሲ-ወከፍ ካብ ካልእ ሃገር ዝመጽእ ናይ ዝኾነ ፕሮጀክት ማንዋል በርቢሮም ብምፍታሽ፡ ኣብ ናይ ትካሎም ስርዓት ኣሰራርሓ ብኽመይ ከርዕምዎ ይኽእሉ ሚላ ይፈጥሩ። ኣብ መጻኢ ኸኣ ነቲ ስራሕ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታቶም ክኺድዎ ይኽእሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ንሓፈሻዊ ንቕሓቶም ዘዕብን እዋናዊ ብድሆታቶም መፍትሒ ዝኸውንን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያ ዝነጥፉ ሞያተኛታት እናዓደሙ፡ ፍልጠት ናይ ምልውዋጥ መደባት የካይዱ። እዚ ኣገባብ፡ ነቲ ሕብረተሰባት ረሚስካ ብሞያዊ ዓቕሚ ሰብካን ባጀትካን ጌርካ ዝግበር 'ዘመናዊ መግዛእቲ' ሚላ ምዕራባውያን ሓኒቑ ዝገትእ ኣገባብ እዩ። ንዓና ኸኣ ካብ ተጸባይነትን ተመጽዋትነትን ካልኦት ሃገራት የድሕን።

እቲ ኣብ ቦታ ስራሕና ዝህሉ መዓልታዊ ንጥፈታት፡ ፍልጠት ነኻዕብተሉ መስርሕ እዩ። ብኣድህቦን ንጹር ዕላማን ተሰንዩ ምስ ዝኸይድ ከኣ ናብቲ ዝተወጠነ ሸቶ ዕቤት ኩብጽሕ ይኽእል። ሰራሕተኛታት ፍልጠት ዝዓጠቑ ምስ ዝኾኑ፡ ቀዳማይ መኽሰብ ነቲ ትካል እዩ። ስለዚ፡ ነዚ መኽሰብ ንምዕባይ ትካላት ሰራሕተኛታተን ፍልጠት ብቐሊሉ ዝረኽቡሉ ኣገባብ ምፍጣር የድልየን። ነተግብሮም ንጥፈታት ኣብ ስርዓትን ቅርጽን ምስ ዝኣትዉ፡ ንኽንከታተሎም፡ ተሓታትነት ክህልዎምን ክዓብዩን ዝያዳ ምቹእ ይኸውን። ስለዚ፡ ኣብ ትካልና ምሕደራ ፍልጠት ክህሉ እንተ ኾይኑ፡ ፍልጠት ኣብ ስርዓትን ቅርጽን ክኣቱ የድሊ። 'ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ፡ ናይ ፍልጠት መዓልቲ እያ' ንብል እንተ ሃሊና፡ ነዚ ፍልጠት ኣብ ስርዓት (system) ከም ዝኣቱ ክንገብር የድሊ። ሓደ ንጥፈት ናብ ስርዓት ከነእትዎ፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ደጋጊምና ክንዓዩ ኣለና። መዓልታዊ ንሰራሕተኛታትና ከምዚ ግብሩ እናበልና ክንሕብር ስለዘይከኣል፡ ቅርጽን ናይ ኣተገባብራ መምርሕን ከነዳሉ የድሊ ማለት እዩ። ነዚ ንምኽያድ እምበኣር፡ ነቲ ኣድልዩ ዘሎ ፍልጠት መዓልታዊ ክንምዝግቦን (ብጽሑፍ፡ ተንቀሳቓስን ደረቕን ስእሊ፡ ድምጽን ብኻልእ ዝጥዕመና ኣገባብን) ክንእክቦ የድልየና። ፍልጠት፡ ኣብ ርእሲ ሰብ እንተ ሃልዩ ዳርጋ ዘየለ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እቲ ሰብ ምሳና ዘይክቕጽል ይኽእል፣ ወይ'ውን ብተፈጥሮና ረሳዕቲ ስለዝኾና ምስ ግዜ እናጕደለ ኣብ መጨረሽትኡ ኸኣ ክጠፍእ ስለዝኽእል። ጌጋ ብተደጋጋሚ ንኽፍጸም ካብ ዝድርኹ ምኽንያታት ሓደ፣ ኣብ ንድፊ ዝተወጠኑ ስራሓት ኣብ ተግባር ክዕየዩ ከለዉ ዘጓንፍ ብድሆታትን እቲ ንዕኦም ንምፍታሕ ዝግበር ጻዕርታትን ብግቡእ ስለዘይምዝገብ እዩ። ኣብ ስራሕ ጌጋ ንቡር እዩ። ተደጋጋሚ ጌጋታት ብምፍጻም፡ ኣደዳ ከቢድ ክሳራ ምኻን ግን መዳርግቲ ዘይብሉ ድኽመት እዩ። ነዚ ንምውጋድ'ዩ እምበኣር መዓልታዊ ተመኲሮና ክንምዝግብ ዘድልየና። ትካላት፡ ኣብ ስለስተ ወርሒ ወይ ዓመት ዘይኮነ፡ ናይ ነፍሲወከፍ ፕሮጀክት፡ ፍልጠት ንዝመጽእ ወለዶ ከሰጋግራ ብዝኽእላሉ ኣገባብ ተመኲሮኣን ክሰንዳን ክዝርጋሓን የድሊ። እዚ ኸኣ ኣብ ናይ ሰነዳ ቤት-ጽሕፈት ዘይኮነ፡ ንነፍሲወከፍ ሰራሕተኛ ብፍላይ ንተመሳሳሊ ፕሮጀክት ዝወፍር ኣባለን ክሰንቓ ዘለወን።

ትካልና፡ ኣብ ዓለም ኣሎ ብዝበሃል ተክኖሎጂ ከነዕጥቓ ንኽእል ኢና። ሰብ ምፍራይ፡ ከም ቀንዲ ዕላማኣ ክሳብ ዘይሓዘቶ ግን ብቕዓት ከተምስክር ኣይትኽእልን እያ። ኩሉ ዓይነት ማሽነሪ፡ ሓበሬታ ክሰንቕ ወይ ክዓጥቕ ይኽእል ይኸውን፣ ሓበሬታ ናብ ተጨባጢ ፍልጠት ክቕይር ዝኽእል እቲ እንኮ ኣካል ግን 'ሰብ' እዩ። ምስ ምዕባለ ኣርተፍሻላዊ ብልሒ፡ ብዙሕ ዕዮታት ደቂ ሰብ ብማሽነሪታት ተተኪኡ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣገዳስነት 'ምፍራይ ሰብ' ኣኽሳቢ ኣይኮነን ዝብሉ ኣካላት ኣይሰኣኑን እዮም። እዚ ግን ወርቂ ገዲፉካ ብኣርተፍሻል ምፍሳሕ ጥራይ እዩ። ኮምፕዩተር፡ ንዝሃብናያ ሓበሬታ ድሕሪ ሓምሳ ዓመት ደጊማ ክትህበና ትኽእል እያ። ሰብ ግን ኣብ ውሽጢ ሓምሳ ዓመት ዘዕበዮ ፍልጠት እዩ ዝህበና። ማሽን፡ ነገራት ናይ ምብዛሕ ክእለት ክህልዎ ይኽእል። ሰብ ግን ሓሳብ፡ ግንዛበን መረዳእታን ዘራብሕ ስለዝኾነ፡ ብዘይካ ብሰብ ብኻልእ ክንትክኦ ኣይንኽእልን ኢና። ምሕደራ ፍልጠት፡ ንለውጥን ትካላዊ ብቕዓትን ከገልግለና እንተ ኾይኑ፡ ፍልጠት ዝዓጠቐ ለውጢ ከመሓድር ዝኽእል ብቑዕ ሰብ ብምፍራይ ጥራይ እዩ ክብጻሕ ዝኽእል። ብቑዕ ሰብ ምፍራይ ኣገዳሲ ዝገብሮ፡ ነቲ ዝጸንሐ ፍልጠት ዳግማይ ብምምስራሕ እዋናውን ዝተሓደሰን ፍልጠት ናይ ምፍጣር ክእለት ስለዘለዎ እዩ። ትካላት ንሰራሕተኛታተን እኹል ፍልጠት ስለዘቕርባ፡ 'ምሕደራ ፍልጠት ኣለወን' ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ፍልጠት ክንሰርሓሉን ዝሓሸ ውጽኢት ከነምጽኣሉን ክሳብ ዝዓለምና፡ ናይ ምቕያሩ፡ ምስናዑን ምዕባዩን ናጽነት ከኣ ክፍጠር ይግባእ። ሓደ ሰራሕተኛ፡ በቲ ዝረኸቦ ፍልጠት ገይሩ ተመሳሳሊ ስራሕ ክሰርሕ ምቕራን፡ ኣብ ተመሳሳሊ ውጽኢት ተዓምጺጽካ ምትራፍ ማለት እዩ። ለውጢ፡ ተመሳሳሊ ስራሕ ብምስራሕን ተመሳሳሊ ውጽኢት ብምርካብን ኣይመጽእን እዩ። ስለዚ፡ ሰራሕተኛታት ነቲ ዝረኸብዎ ፍልጠት ወሲዶም፡ ተጠቂሞም፡ ተመኲሮኦም ወሲኾም፡ ናቶም ፍልጠት ክፈጥሩ ባይታ ምፍጣር ኣካል ምሕደራ ፍልጠትን ለውጥን እዩ።

ምሕደራ ፍልጠት ንምዕባይ ካብ ዘገድሱ ረቛሒታት ሓደ፡ ትካላዊ ባህሊ እዩ። ንዓናን ንትካልናን ዘገድስ ፍልጠት ክንመሃር፡ ክንዓጥቕ፡ ኣብ ዘድሊ ግዜ ኸኣ ክንሰርሖ ቅሩባት ዲና? ብስራሕ ኣብ ንንቀሳቐሰሉ ግዜ ንስራሕና ዘገስድና ካልእ ፍልጠት ንእክብ ዶ? ናይ ምምዝጋብ ልምዲ ኣለና ዶ? ዘለና ፍልጠት ነካፍል ዶ ወይስ ንበቅቕ? ኣብ ትሕቴና ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ካባና ንላዕሊ ምስ ዝፈልጡ ንጥቕምና ዶ ይመስለና ወይ ንጥፍኣትና? ትካላዊ ባህሊ፡ ንኹለትናዊ ብቕዓት ዘገድስ፤ ክብርታት፡ ኣረኣእያ፡ ስርዓትን ሕግን፡ ባህርያት፡ እምነታትን ጽልዋን ኩሎም ኣባላት ትካል የጠቓልል። ኣብ ኩሉ ጽፍሒ ዝርከቡ ኣባላት ትካል፡ ኣብ ፍልጠት ዘለዎም ተገዳስነት፡ እምነትን ህንጥዩነት፡ ድልዱልን ውጽኢታውን ምሕደራ ፍልጠት ክንሃንጽ ልዑል ተራ ኣለዎ። ንምኩራት መሳርሕቶም ዘኽብሩን ምኽሪ ዝሰምዑን፡ ናይ ምንባብ ባህሊ ዘለዎም፡ ፍልጠት ጠቀስ ንጥፈታት ዘድንቑን ዝሳተፉን፡ ለውጢን ሓደሽቲ ሓሳባትን ዝቕበሉ፡ ናይ ምምዝጋብን ምስናድን ልምዲ ዘለዎም ኣባላት ምህላው፡ ንምሕደራ ፍልጠት ምቹእ ባይታ ይፈጥር። ትካል፡ ነዚ ትካላዊ ባህሊ ተጠቒሙ፡ ፍልጠት ዝመቓርሓሉ ስርዓት ክሃንጽ ኣይጽግሞን እዩ። ኣብ ትካልና ዘሎ ባህልን ንሕና ነተኣታትዎ ኣገባብ ምሕደራ ፍልጠትን ምስ ዘይመዛዘን ግን ተበግሶና ንጽቡቕ ዋላ ይኹን ኣብ ግብሪ ክቕህም ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ደረጃ ትካላዊ ባህልና ብምጽናዕ፡ ንዓና ዝጥዕም ምሕደራ ፍልጠት ከነተኣታቱ የድሊ። በብደረጅኡ እናኣዕበናዮ ብምኻድ፡ ኣብ ቀጻሊ ድልዱል ስርዓት-ምሕደራ ክንሃንጽ ንኽእል ኢና።

ጥቕሚ ተክኖሎጂ ክሳብ ሕጂ ዘይጠቐስክዎ፡ ድሕሪ መረዳእታ ስለዘዝመጽእ እዩ እምበር፡ ኣገዳስነቱ ስለዝሰሓትክዎ ኣይኮነን። ተክኖሎጂ፡ ብዓይነትን ብዝሕን ብቑዕ ዝኾነ ስርዓት ምሕደራ ፍልጠት ኣብ ትካልና ከነተኣታቱ ክሕግዝ ይኽእል። ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ተክኖሎጂ ተጠቒምና ብዙሕ ሓበሬታን ፍልጠትን ክንከዝን የኽእል። ኣብ ቀዳማይ ክፋል እዚ ኣርእስቲ፡ ሜላዊ ወይ ስልታዊ ፍልጠት ክስነድን ከሰጋግርን ኣጸጋሚ ምዃኑ ጠቒስና ኔርና። ብሓገዝ ተክኖሎጂ ግን እቲ ንምስግጋሩ ኣሸጋሪ ዝኾነ ፍልጠት'ውን ክስነድን ክመቓራሕን ክኢሉ ኣሎ። ልዕሊ ኹሉ ግን፡ ተክኖሎጂ ዝፈጥሮ ናይ ርክባት ዕድላት እዩ። ኣብ ሓደ ግዜ ንኣሽሓት ሰባት ብመራኸቢ ብዙሃን መርበባት ሓበሬታን ፍልጠት ክንዝርግሕ ንኽእል። እዚ ዕድላት'ዚ ግን ምስ ብድሆታቱ እዩ ዝመጽእ። ሓበሬታን ፍልጠትን ካብ ምሒር ምብዛሑ፡ ሰራሕተኛታት ከይናወጹ ናይ ምምማይን ምቕራብን ሓላፍነት ትካል ይኸውን። ምሕደራ ፍልጠት ንምዕባይ ንቕሓት፡ ህንጡይነት፡ ትካላዊ ባህልን ተክኖሎጂን ካብቶም ኣገድስቲ ረቛሒታት እዮም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ትካላት ነዚ ዝድርዕ ፖሊሲ ምስ ዝህልወን 'ንሸሮ ጠስሚ እንተ ኣእተኻላ...' ይኾነልና።


# ስነ-ቁጠባ

## ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ

9ይ ክፋል
ኖማርያም የሃንስ
ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን

*“ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ - ምትእስሳር ምስ ሞዴል ልምዓት ኮርያ” (Re-inventing Africa’s Development –Linking Africa to the Korean Development Model) ዘርእስታ መጽሓፍ ብጆንግ ዳኢ ፓርክ ዝተባህለ ኮርያዊ ዲፕሎማት ዝተጻሕፈት ኮይና፡ ሓደገኛ መግዛእቲን ሕሰም ኣፍሪቃን፡ ማሕረታዊ ጠንቂ ድሕረት ኣፍሪቃ፡ ዝተረኽበ ተሞክሮ ምህናጽ ሃገር፡ ምንዳይ ዝጠፍኡ መሳግሪታት ልምዓትን ትምህርቲን፡ ተሞክሮ ልምዓት ኮርያ ዝበሉ ኣርእስተ ሓሳባት እትትንትን እያ።*

ምሁራት ሃገራት ኣፍሪቃን ማሕበረሰብ ዓለምን ኣብ ዳይናሚክስ ኣፍሪቃ ብታሕቲ ታሕቲ እንታይ ይኸይድ ኣሎ ብዕቱብ ክጥምትዎ ዝግብኦ እዩ። ቁጠባዊ ዕቤት ከም ኣብነት ንወሰድ። ሓቂ’ዩ ኣብ ዝሓለፈ ዕቑድ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ መሳጢ ቁጠባዊ ዕቤት ኣመዝጊበን እየን። እዚ ክሳዕ ዝግበኦ’ዩ። እንተኾነ ኣብ ቀዋሚ ወይ ትሕዝቶ ናይቲ ዕቤት ምስ እንርኢ እቲ ዕቤት ብመዝሓቒ ኢንዱስትሪ (extractive industry) ዝተመርሐ’ዩ። እቲ ኢንዱስትሪ ብናይ ደገ ርእሲ ማላታት ተጻላዊ ስለዝኾነ ድማ እዚ ንርእዮ ዘለና ንድሕረት ምምላስ ኣስዒቡ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዋኒን’ዚ ናይ ወጻኢ ኩባንያታት’የን ዝያዳ ዝረብሓ ዘለዋ። እቲ ክትዕቢ ሕጂ ዘሎ ዋኒን ወፍርን ቁጠባዊ ዕቤትን ናብ ትርጉም ዘለዎ ኢንዱስትርያዊ ዕቤት ክልወጥ ዝኽእል ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ጽላት ሰንዓ ዝፈጥርን ነቲ ዝጠዝለ ሓፋሽ ናይ ስራሕ ዕድላት ጥራይ ዝኸፍትን እዩ።




ኣህጉር ኣፍሪቃ ቡቶም ቀንዲ መለክዒታት ልምዓት ከም ኢንዱስትርያዊ ቅርጺ፡ ትሕተ-ቅርጻን ሕርሻን ዝኣመሰሉ ጽላታት ክትግምገም ከላ፡ ዝኾነት ሃገር ዝ. ኣማልኣ ከም ዕውትቲ ትቑጸር የላን። ጥረ-ነገራትን ቀለልቲ ኣቑሑን ዝሰርሑ ኢንዱስትሪ ልክዑ ዝሓለፎ ሕጽረትን ጽገና ዝተሓረሞ ትሕተ-ቅርጻን፡ ድሕረን ዘይተወዳደርን ጽላት ሕርሻ… ወዘተ ጠንቂ ቡቲ ሓደ መዳይ ድማ ሃጸብራቕ ሕዱር ድኽመት ቁጠባ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ድሕራማይ ናብ ቦታ ከምዝበሃል ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዙሓት ሃገራት ምስፋሕ ፊዚካዊ ትሕተ-ቅርጻን ምዕባይ ዓቕሚ መመንጨዊ ጸዓትን ቀዳምነት ገይረንኦ ኣለዋ። እቲ ዘገርም ግና፡ ኑቲ ቀንዲ መሰረታዊ መንጸፍ ትሕተ-ቅርጺ ከም ጽርግያ፡ መንገዲ ባቡር፡ ቀረብ ኤለክትሪሲቲ ክበጽሕኦ ኣይከኣላን። ብዙሕ ግዜ እቲ ጸገም ሕጽረት ገንዘብ ምኳኑ’ዩ ዝግለጽ። ይኹን’ምበር ብቐንዱ ሰብኣዊ ፍሽለት እዩ። ዘይቅርዐ ምሕደራ፡ ገንዘብ ካብ መዓልኡ ወጻኢ ምውዓል፡ ድሌት ዘይምህላውን ተኸታቲልካ ስጉምቲ ዘይምውሳድን ዝኣመሰሉ እየም ቀንዲ ጸገማት እዮም።

ኣብ ብዙሕ መዳያት፡ ውዱዕ ኩነታትን ንቁጠባዊ ትንሳኤ ዝየድ ጻዕርን ካብ ፈለማኡ ብሓባር ኣይገጥሙዙን እዮም። እቲ ዓንዲ ሕቖ ቁጠባዊ ንሲጓስ ዝኾነ ገጠራዊ ሕርሻዊ ልምዓት ብዙሕ ኣቓልቦ ኣይወሃቦን፡ ብዕቱብ’ውን ኣይሰርሓሉን። እቲ ምኽንያት፡ ሕጽረት መረዳእታ ኣብ ስነ-ቁጠባን ኑቲ ጸገም ኣቕዲምካ ዘይምርኣይን እዩ።

ኣመለኻኽታ መራሕቲ፡ ኣገባብ ኣካይዳ ናይቲ ህዝበን ክእለት ስራሕን እንተዘይተቐይሩ ኣብ ምምዕባል ዝርከቡ ህዝብታት ተሰፋ ዝገብሩሉ ዕቤት ብቐሊሉ ክመጽእ ዝኽእል ኣይኮነን። እቲ ዘሎ ኩነታት እንታይ’ዩ እንተደኣ ኢልና፡ እቲ ህዝቢ ኣተሓሳስባኡ ክቕይር ድሌት የብሉን ግን ከኣ ጸቢቕ ክነብር ይደሊ። ንሽኻ ከይተለወጥካ ግን ንኩነታት ብኸመይ ክትልውጦ ትኽእል? እዚ ጸገም’ዚ መሰረታዊ እዩ። ኑቲ ጸገም መፍትሒኡ ከኣ ኣንፈራሕካ ምጥማት እዩ።

ሃገራት ኣፍሪቃ ብቐሊሉ ክነብርኦ ዝኽእላ ክነብራ ድሌት እንተደኣ ሃልዩወን ክበጽሓ ዘይክእል ምዕባለ የለን። ብዘዕባ ሃገራዊ ዕማም ንቕሓት ህዝብታት ንምብራኽ ሃገራዊ ዘተ ብምኪያድ፡ ንቀጻሊ እንታይ ክግበር ኣለዎ ኣብ ዝብል ሕቶ ሓባራዊ ስምምዕ ምህናጽ የድሊ። ኣብዚ ዮባ’ዚ ምህናጽ ሃገር ግና ድሕረት’ዩ ዘሎ። ኮማውን ሃገራውን ዕላማታትን ክብርታትን ምልላይን ምስዓብን ሃገር ንቕድሚት ንኸተሰጉምዲ ኣገደስቲ እየም። ብደረጃ ሃገርን ኮምን ሓባራዊ ሸቶታትን ረብሓታትን ምስራጽ ኣገዳሲ’ዩ።

እቲ ዓንቃፊ ዝኾነ ዘሎ ረቛሒ ብፍላይ ኣብታ ማሕበራዊ ጥምረትን ማሕበራዊ ማልን ድኹም ዝኾነት ኣፍሪቃ፡ ወገናውነት ወይ ህርፋን ወገናውነት እዩ። ሕጽረት ህዝባዊ ኣኼባታታትን ኢጋጥሚታትን የለን። ኩሉ ሰብ ዝበሎ ክትሰምዕን ወግዒ ክትሕሉን ነዊሕ ሰዓታት’ዩ ዝጠፍእ። መራሕትን ህዝብን ግና ንከምዚ ዝኣመሰለ ኢጋጥሚታት ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ ፍረ ዝርከቦ ምይይጣትን ክትዓትን ከካይድሉ፡ ብኸመይ ብሓባር ሰሪሕካ ሃገራዊ ሸቶታት ትውቅዕ ኣብ ምውሳን ክጥቀምሉ ይግባእ።

## ስምዒት ሃገርነትን ሃገራዊ መንነትን

ብሓፈሻኡ ኣብ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ስምዒት ሃገርነትን ሃገራዊ መንነትን ክንድ’ቲ ኣብ ካልእ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም ዘሎ ሓያል ኣይኮነን። ብዙሕነት ብሄራት ከም ቀንዲ መለለዩ ባህሪ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ምኻኑ ዝፍለጥ’ኳ እንተኾነ ብዙሕነት ብሄራት ንገዛእ ርእሱ ምስ ዘይርገጽነትን ቀጥታዊ ጠንቂ ድሕረትን ክዛመድ ዝኽእል ኣይኮነን። ቀቢላውነትን ንመንግስቲ ዝህልወካ ተኣማንነትን ክገራጮ ግድን ኣይኮነን። ሓቂ’ዩ ቀቢላዊ ፍልልያት ወይ ብዙሕነት ብሄራት ዘለዎ ጽልዋ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ክፈላለ ይኽእል እዩ።

ብሄራዊ ብዙሕነት ኣብ ግምት ብምእታው ሃገራውነት (ብልክዕ ቃላት ግዝኣታዊ ሃገራውነት) ኣብቲ ዞባ ፍሉይ ኮይኑ ክርአ ይኽእል እዩ። እቲ ክውንነት ግን ሃገራውነት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ድልዱል ኣይኮነን ወይ’ውን ስሉሓዊ ኣይኮነን። ኣብ ጉዳይ መንግስቲ ዘለዎ ተራ ድኹም’ዩ ክበሃል ይከኣል። ርግጽ እዩ ግዝኣታዊ ሃገራውነት ተዓቂቡ ክኸውን ይኽእል እዩ። ጸገም ብዘይብሉ መገዲ ንብሄር ተከእዎ ኣሎ ዘይኮነ ብውሑዱ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ብምእታው። ኣቋውማ ብሄር ብዙሓዊ ስለዝኾነ ብዓይኒ ጸጋታት፡ ትሕተ-ቅርጻን ከምኡ’ውን ብጆግራፍያዊ ተሃጺሎ…ወዘተ ዓቕሚን ኑብሱምኽኣልን ስለዘሰኣኑ ተሃጺሎም ዝተፈልየ መንግስቲ ክቘሙ ዘገድዶም የለን።

ሃገራውነት፡ ቀድሚ ዘመናት ኣብ ኤውሮጳ ዝመንጨወ እዩ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ድማ፡ እቶም ግዙኣት ኣህዛብ ቃልሲ ንናጽነት ኣብ ዘካየድሉ ዝበሩ፡ ምስ ምልዕዓል ጸረ-መግዛእትን ሰረተ-እምነት ርእሰውሳኒን ኣብ 20 ክፍለዘመን ኣብ ካልእ ዞባታት ዓለም ክቕልቀል ጀሚሩ። ኣብ ማእከል ቃልሲ ንናጽነት፡ ሰፋሮ ናይተን ዝግዝኣ ዝበራ ቦታታት ሃገራት ኮይኖም። ኣብ መጀመርያ ካልኣይ መፋርቕ ዕስራ ክፍለዘመን፡ “ሃገርነት” ኣደማሲውን ፖለቲካዊ መለለይን ኮይኑ። ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ድማ ኣብ ማዕቢል ናይ ናጽነት ምንቅስቓስ ወሸጣዊ ሕጋዊ ተቐባልነት ንምርካብ ጥራይ ዘይኮይኑ ኣህጉራዊ ክብሪ ንምርካብ ኣብ ምህናጽ ሃገር ተቓሊሰን። ከራወፎርድ ያንግ ካብ ዩኒቨርስቲ ዊስኮንሲን ኣብታ ‘ኩነታት ድሕረ-መግዛእቲ ኣፍሪቃ’ እትብል ናይ 2012 መጽሓፉ ከምዝጸሮ፡ “ፕሮጀክት ምህናጽ ሃገር ብሓፈሻ ግዝኣታዊ ሃገራውነት ካብ ብሄር ፍልዩ ዝበለ ክምዝኸውን ኣብ ጉዕዞ ምህናጽ መንነት ከምዝለዓለ መልክዕ መንነት ኣብ ምውካል ተዓዊቱ እዩ።” ዓሌትነት ኣብ ወሽጢ ሓደ ወጻእ ባህላውን ብሕታውን መቐረብ ከም ዲስኩር ሃገርነት ዘይኮነ ከም ሓደ ሕጋዊ ነገር ተቐቢሉ።

ኣብ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ዓሌታዊ ወጥሪ ድጉል፡ ዘይንጠፍ ወይ ሓላሊፉ ዝኽሰትን ክምዝመዘ ዝኽእልን’ዩ። ይኹን’ምበር ውሑዳት ፍሉያት ፍጻመታት ገዲፍካ ናብ ምሉእ ግጭት ዝዋርግ ኣይኮነን። ኣብ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ዓሌትነት ብቐጥታ ንብሄራዊ ግዝኣታዊ ሓድነት ብድሆ ወይ ሓደጋ ኣይኮነን ክንብል ንኽእል ኢና። ኣብ ገለ ኢጋጥሚታት ሓያል ዓሌትነት፡ ኣብ ተኽእሎ ምብታን ሃገር ምጡን ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ኡጋንዳ ጸቡቕ ኣብነት እያ። ኡጋንዳ እታ ብብዙሕነት ብሄራት ኣብ ዓለም እትጥመት ሃገር እያ። ይኹን’ምበር ኣገዳሲ ብዙሓዊ-ብሄር፡ ሓደ ገዛል ብሄር ፍጹም ዓብላሊ ንኽይኮውን ይሕግዝ እዩ። ምኽንያቱ እቶም ካልኦት ኣንጻሩ ክላብሩ እዮም። ህዝቢ ኡጋንዳ ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ኣብ ዘመን ኢድ ኣሚን፡ ሚልቶን ኣቦተ፡ ኣብ ግዜ’ቶም ናይ ሚኒ ኩናት ኣንጻር ጆሴፍ ኮኒን ዝመርሖ ኃይልታት ኩናት፡ ነዊሕ ናይ ኩናት ሓድሕድ እዋን ኣሕሊፉ እዩ። ምስ ግዜ ድማ ሕሉፍ ብሄራውነት ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኮይኑ ሓደጋ ክፈጥር ክምዝኽእል ተማሂሮም። ብናይ ኣፍሪቃውያን መዐቀኒ ሩዋንዳ ሓንቲ ካብተን ዝተሓተ ብሄራዊ ብዙሕነት ዘለወን ሃገራት’ኳ እንተኾነት እታ ኣዝያ ዘሰንበድ ምጽናት ዓሌት ዝተመኩረት ሃገር እያ።

ኣብዚ’ውን እቲ ‘ሕማም ንድሕሪት ምምላስ’ ክሰርሕ ይርአ። ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ናጽነት ኣብ ዝረኸባሉ እዋናት፡ ቀንዲ ዕላማ ምህናጽ ሃገርነት ኪዮ ቀቢላነት ወይ ዓሌትነት ምምክካሽ’ዩ ነይሩ። ኣብ መጀመርያ እዋናት፡ ብዙሓት መራሕቲ ኣፍሪቃ ቀቢላነት ኣብ ሓጺር እዋን ከምዝሃስስ’የም ዝሓስቡ ነይሮም። መራሒ ጊኒ ሴኩተሬ፡ ‘ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመት ዓሌትነት፡ ብሄር ወይ ሃይማኖታዊ ግርጭት ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ከቢድ ሓደጋ ከም ዘውረደ ክርሳዕ እዩ’ ብምባል ኣዊጁ። ከም ብዓል ሴኩተረን ካልኦት ሃገራውያን መራሕቲን ኣብ ብሄር ዝተመርከሰ ሃገራውነት ንሃገራቶም ሓደጋ’ዩ ዝብል ሓሳብ ኣይቅበልዎን እዮም ነይሮም። እዚ ኩሉ ግና ስምዒት ጥራይ’ዩ ነይሩ። ዓሌትነት ግና ኣይሃሰሰን። እንተኾነ ሀላውነት መንግስታት’ውን እንተኾነ ከቢድ ተጻብኦ ኣይገጠሞን። ድሕሪኡ ግን እቶም መራሕቲ ንባዕሎም ዓሌትነት ንናይ ግዜ ርእሶም ፖለቲካዊ ዕላማ ክጥቀምሉ እዮም ተራእዮም። እዚ ድማ መመለሲ ንድሕሪት ናይ ምምላስ ኩነት ከኸትል ጸኒሑ ኣሎ።

ይቕጽል

<table>
<tr><th colspan="2">ለሚ ኣብ ERI-TV</th></tr>
<tr><td>ሰዓት</td><td>መደብ</td></tr>
<tr><td>09:00</td><td>ሃገራዊ መዝሙር</td></tr>
<tr><td>06:05</td><td>ኢርበክስ</td></tr>
<tr><td>09:40</td><td>ሃለው ቀልዑ</td></tr>
<tr><td>10:15</td><td>ፓኖራማ</td></tr>
<tr><td>11:00</td><td>ለሰ ስፖርት</td></tr>
<tr><td>12:30</td><td>ዜና ትግርኛ</td></tr>
<tr><td>12:55</td><td>ፍሉይ መደብ</td></tr>
<tr><td>13:30</td><td>ዜና ዓረብ</td></tr>
<tr><td>13:50</td><td>መልሲ ኣብ ማእመር</td></tr>
<tr><td>14:30</td><td>ናትራን</td></tr>
<tr><td>17:00</td><td>ዳረት ቃና</td></tr>
<tr><td>18:30</td><td>ዜና ትግረ</td></tr>
<tr><td>19:00</td><td>ባህላዊ መደብ ብኢጋጥሚ ዝኽሪ ባሕቲ ማስከረም ብቐጥታ</td></tr>
<tr><td>21:00</td><td>ዜና ትግርኛ</td></tr>
<tr><td>21:25</td><td>ረብዓት</td></tr>
<tr><td>22:00</td><td>ዜና ዓረብ</td></tr>
<tr><td>22:15</td><td>ፍሉይ መደብ</td></tr>
<tr><td>22:30</td><td>ዜና እንግሊዝ</td></tr>
<tr><td>22:40</td><td>ሃገራዊ መዝሙር</td></tr>
</table>

# ካብዝን ካብትን

ማርታ ክብሮም

## ምስ ዝሞተ ሕጹያ ዝተሳእለት መንእሰይ

ደቢ ገርላች ኣብ ኣሪዞና ትነብር መንእሰይ እያ። ኣብታ ክትምርዓወላ ዝተባህለት ዕለት ድማ ሓደ ፈጺሙ ተገይሩ ዘይፈልጥን ኣብ ልቢ ኣሸሓት ሰባት ዝተረፈን ነገር እያ ገይራ፡ ንሳ ቅድሚ መርዓኣ ንናይ መርዓ ዝኸውን ስእሊ ኣብ ትስኣለሉ ዘበረት ግዜ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ዝሞተ ራንዲ ዝተባህለ ሕጹያ ስእሊ ምስ ናታ ኣቀናቢራ እያ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዘርጊሓቶ። እቲ ስእልታት ኣብቲ ደቢን ራንዲን ክምርዓውሉ ተሓሲቡ ዝነበረ ዕለት እዩ ተዘርጊሑ። ሕጹያ ራንዲ ቅድሚ እቲ ክምርዓዉ ዝሓሰቡሉ ዕለት ቅድሚ ሸሞንተ ወርሒ እዩ ብሓደጋ ህይወቱ ስኢኑ። ደቢ ግና ንስእልታቱ ብዕላማ እያ ምስኡ ከምዝተሳእለት ኣምሲላ ዘርጊሓቶ።

ንኹሉ ሰብ ኣገዲሲ ዝኾነ መልእኽቲ ድማ ምስቲ ስእልታት ጽሒፋ ዘርጊሓቶ። ትሕዝቶ ናይ'ቲ ጽሑፍ ድማ ከምዚ ይብል፡



“ሎሚ እታ ዝበለጸት መዓልቲ ናይ ህይወተይ ክትከውን እዩ ዝጽበኣ ነይረ። ሎሚ ምስ'ቲ ንብዙሕ ዓመታት ብሉጽ መሓዛይ ዝነበረ ሰብ እየ ክምርዖ መዲበ ነይረ። ንምሀ ተንሲኣ ቬሎይ ተኸዲነ ናብቲ ናይ ሕልመይ ሰብ ክኸይድን ንዘልኣለም ምስኡ ክኸውንን እየ መዲበ ነይረ። ሎሚ ኣብ ቅድሚ ስድራይን መሓዙተይን ኣነን ራንዲን ኪዳን ክንተኣታቶን ንሓድሕድና ፍቕርና ክንገልጸን ኢና መዲብና ነይርና። ሎሚ እታ ካብ ግዜ ንእስነተይ ኣትሒዘ ዝምነያ ዝነበርኩ መዓልቲ እያ ነይራ። ሎሚ ሰበይቲ ክኸውን እየ መዲበ ነይረ። ሎሚ ሰይቲ ኣቶ ዚ.መርማን ክበሃል እየ ሓሰብ ነይረ...”

“ግና ሎሚ በይነይ እየ ተንሲአ፡ ሎሚ ልበይ ብጉሁዩ እየ ተንሲአ፡ ሎሚ ኣቦይ ናብ ቤተ-ክርስትያን ወሲዱ ናብ ሰብኣየይ ኣየረክበኒን እዩ፡ ሎሚ ራንዲ መታን ኣብ መዓልቲ መርዓይ ተኸዲኑዎ ጥራይ ክርእየኒ ኢለ ካብኡ ዝሓብኦ ዝነበርኩ ቬሎ ተኸዲነ ኣይክርእየንን እዩ። ሎሚ ኩሎም መሓዙተይን ስድራይን ኣይክርእዩምን እዮም። ሎሚ ሰብኣይ ኣይክህልወንን እዩ።...”

“ምኽንያቱ ሓደ ሰብ ብሰንኪ ዝወሰዶ ምርጫ ኩሉ መደባት ህይወተይ ስለ ዝተቐየረ፡ ንሱ ኣብቲ ደው ክብሎ ዝግብኦ መስገሪ ኣጋር ደው ኣይበለን። ሕጹየይ ብሞተርሳይክል ብቕድሚኡ ክምጽእ እናረኣየ'ውን ደው ክብል ብዘይምኽኣሉን ብቕልጡፍ ጸርጊያ ስለ ዝሰገረን ሕጹየይ ስኢነ”

“ብዝኾነ ዝኾነ ዝ.ተጻሒፉ ዘሎ ተንበቡ ዘለኹም ሰባት፡ ሕጋጋት ትራፊክ ኣኽብሩ፣ ኣብቲ ደው ክበሃል ዝግብኦ ቦታ ደው በሉን ብጥንቃቐ ዘውሩን። ምኽንያቱ ኣብ ህይወት ካልእ ሰብ ማዕረ ክንደይ ሃስያ ተምጽኡ ከም ዘለኹም ክትሓስቡ ኣለኩም። እቲ ሰብ ኣብቲ ደው ክብሎ ዝግብኦ ቦታ ደው ኢሉ እንተዝኸውን፡ ኣነ ምስቲ ንዓመታት እሙን መሓዛይ፡ ኣፍቃሪየይን ሕጹየይን ዝነበረ ራንዲ ምተመርዓኹ ነይረ።”

## ሓቅታት ብዛዕባ ጠባያት ደቂ ሰብ



- ሓደ ሰብ ዚያዳ እሙንን ቅኑዕን ብዝኾነ፡ ዚያዳ ምትኻል የጋጥሞ።
- ኑብስ ምትሓት ዘለዎም ሰባት ንኻልኦት ሰባት ምንቃፍ ይፈትዉ።
- ብኸፊት፡ ኣካላትና ኑቲ ዘጋጠሞ ቃንዛ ብቓላት ክዛረብ ምስ ዘይክእል ዘጋጥም እዩ።
- ሰባት ገንዘቦም ካብ ኣብ ኑብሶም ንላዕሊ ኣብ ካልእ ምስ ዘጥፍእዎ ዚያዳ ሓጎስ ይፈጥረሎም።
- ሕርቃን ባህርያዊ መከላኸሊ ናይ ቃንዛና እዩ። ስለዚ “ይጸልኣካ እየ” ክብል ከለኹ “ትጉድኣኒ ኣለኻ” ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ሓንጎል ዝ. ቃንዛ ክጻወሮ ኣይክእልን። ስለዚ ዝ. ስምዒት ናብ ቃንዛ ይቕይሮ።
- ተመራመርቲ ስነ ልቦና ከም ዝበልዎ፡ ሰባት ብዛህሪና ኑቲ ዝግደሰልናን ዘድንቐናን ሂ.ግና፡ ኑቲ ዘይግደሰልና ዚያዳ ኣቓልቦ ንህብን ንግደሰን።
- ሰባት ብዛዕባ ሓደ ኣጋቢቓም ዝፈልጥዎ ወይ ዝኽእልዎ ነገር ክዛረቡ ከለዉ ዚያዳ ሱሓቡቲ ይኾኑ።
- ወላ ብዘይከውን ነገር ሰቕ ኢሎም ዝስሕቑ ሰባት፡ ኣብ ውሽጦም ብሕትውና ዘለዎም እዮም።
- ጨና ኣብ ስምዒት ኣዝዩ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ደስ ዘዩብል ጨና ቀልጢፉ ሕማቕ ስምዒት ክፈጥር ከሎ፡ ጥዑም ሽታ ወይ ጨና ድማ ደስ ዘብልን ሕጉስ ስምዒት ናይ ምፍጣርን ክእለቱ ኣዝዩ ልዑል እዩ።

## ብዛዕባ ሓጎስ

- ብመሰረት ስነ ልቦና፡ 10 ማእታዊት ናይ ሓጎስካ ጥራይ እዩ ካብ ብደገ ዝመጽኡ ስምዒታት ዝመጽእ፡ እቲ ዝተረፈ 90 ማእታዊት ካብ ውሽጣዊ ሓሳብካን ስምዒታትካን ዝመጽእ እዩ።



- ኣብ 2005፡ ትካል ምርምር ሕማማትን ምክልኻልን ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ መንእሰያት ኣብ ወርሒ 3-4 መዓልታት ደስ ዘዩብል ስምዒት ወይ ዘይሕጉሳት ይኾኑ። ኣብ 65-74 ዕድመ ዝርከቡ ሽማግለታት ግን ካብ 2-3 መዓልታት ጥራይ እዮም ደስ ዘዩብል ስምዒት ዝስምዖም።
- ኣብ መዓልቲ ብውሑዱ ን20 ደቓይቕ፡ ኣብ ሰሙን ድማ ሰለስተ ግዜ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር፡ ሓጎስካ ክብ ከም ዝብል ይገብሮ።
- ኣዚኻ ሕጉስ ብዝኾንካ፡ ኣካላትካ ድማ ዚያዳ ሕማም ዝከላኸሉ ታህዋስያን የፍሪ።
- ሕጉሳት ሰባት ዚያዳ እቶም ዘይሕጉሳት ኣፍረይቲ ይኾኑ።
- ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ከባቢ ዕድመ 37 ዘይሕጉሳት ይኾና። ደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣብ ከባቢ ዕድመ 42።
- ምስዕሳዕ ሓጎስ ይፈጥር።
- ኣብ ጸታዊ ዝምድና ዘለዉ ሰባት ዚያዳ እቶም ንጽል ዝኾኑ ሕጉሳት እዮም።
- ትምህርትን ብልሒ እእምሮን ሕጉስ ንኽትከውን ዘኽእለካ ኣይኮነን። ልዕሊ ዝኾነ ሕጉስ ንኽትከውን ዝዓበየ ኣብ ኑብስኻ ዘለካ ዕግበት እዩ።
- ንደቅኻ ዚያዳ ብዙሓቶምም፡ ዕድመ ብጽሕና ብዘበጽሑ ዚያዳ ሕጉሳት ይኾኑ።
- ኣብ ሓጎስ ሰባትን ጸቡቕ ስምዒትን እወታዊ ተራ ዘለዎም ነገራት፡– ምስዕዓም፡ ምስ ፈተውትኻ ግዜ ምሕላፍ፡ ቸኮሌታ፡ ማስቲካ ምሕያኽን ባናና ምብላዕን እዮም።
- ገለ ተመራመርቲ'ውን ኣመጋግባ ኣብ ደረጃ ሓጎስ ጽልዋ ከም ዘለዎ ይገልጹ። ፋሉ፡ ደርሆ፡ ጸቡ፡ ክትሃድእን ሕጉስ ክትከውንን ዝሕግዙ መግብታት እዮም።
- ብመሰረት ኣብ 2018 ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ነውዝላንድ ቀዳመይቲ ሕጉሳት ሰባት ዘለዉዋ ሃገር ክትከውን ከላ፡ ካናዳን ዝርላንድስን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሓዚን።

## እቲ ገፋፍ ዓሳን ነጋዳይን

ሓደ እዋን ሓደ ነጋዳይ ንምዝናጋዕን ንምዝዋርን ናብ ሓንቲ ካብ ንእሽቶ ገጠራት ኢጣልያ ብምኻድ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኮፍ ኢሉ ይዛናጋዕ ነበረ። ኣብ ማዕዶኡ ድማ፡ ሓደ ተቐማጢ እታ ገጠር ዝኾነ ሰብኣይ ተዛንዩ ብንእሽቶ ጃልባ ዓሳ ይገፍፍ ነበረ። ብቐሊል ኣገባብ ድማ፡ ብዙሓት ዓሳታት ይሕዝ ነበረ።

ብኣሰራርሓ እቲ ገፋፍ ዓሳ ኣዝዩ ዝተማስጠ ነጋዳይ ናብኡ ብምቕራብ፡ “ክንዲ'ዚ ዝኣክል ዓሳታት ክትገፍፍ ክንደይ ግዜ ይወስደልካ?” ኢሉ ሓተቶ።

“ብዙሕ ግዜ ኣይኮነን” መለሰ ነጋዳይ።

ብኩነታት እቲ ገፋፍ ዓሳ ዝተገረመ ነጋዳይ፡ “ኣብ ሓጺር ግዜ ክንዲ'ዚ ዓሳታት ክትገፍፍ ካብ ክኢልካ፡ ስለምንታይ ተወሳኺ ብዙሕ ዓሳታት ዘይትገፍፍ?”

“ብዙሕ ኣየድልየንን እዩ። ምኽንያቱ እዚ ገፊፈዮ ዘለኹ ንዓይን ንስድራይን እኹል እዩ። ተረፍ'ውን ንጎረቤብተይ ክሀቦም እዩ።”

ሕቶኡ ጌና ዝቐጸለ ዝነበረ ነጋዳይ፡ “እሞ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ዓሳታት ካብ ገፈፍካ ደኣ እቲ ዝተረፈ ሰዓታት ናይታ መዓልቲ ኣብ ምንታይ ተሕልፎ?”

ገፋፍ ዓሳ፡ “ንምሀ ካብ ባሕሪ ምስ ተመለስኩ፡ ንገዛይ ብምኻድ ምስ ብዓልቲ ቤተይን ደቀይን ይዛናጋዕ፡ ቀትሪ ቀሩብ ኣዕረፍ፡ መጽሓፍ ኣንብብ፡ ኣብ ሰዓታት ናይ ምሸት ድማ ምስ ኣዕሩኽተይ እዛናጋዕ ጊታር እጻወትን እየርፍን”



ሕጂ'ውን ብኩነታት ህይወት እቲ ገፋፍ ዓሳ ኣዝዩ ዝተደነቐ ነጋዳይ፡ ምኽሪ ክህቦ ጀመረ፡ “ኣነ ብንግዲ መዓርግ ዶክትረይት ኣሎኒ። ካብዚ ዘለኻዮ ንላዕሊ ዕዉት ንክትከውን ክሕግዘካ እኽእል'የ። ካብ ሎሚ ኣብ ባሕሪ ብዙሕ ግዜ ክትጉበር ኣለካ፡ ሽዑ ብዙሕ ዓሳታት ትገፍፍ። ንዕኦም ሸይጥካ ብዙሕ ገንዘብ ምስ ኣከብካ፡ ዓባይ ጃልባ ትገዝእ። ዓባይ ጃልባ እንተ ሃልያትካ ኣዝዩ ብዙሕ ዓሳታት ኣብ ምግፋፍ ኣይክትሽገርን ኢኻ። ቀጺልካ ድማ ብዙሓት ንመግፈፊ ዝኾናኻ ጃላቡ ብምግዛእ ናትካ ዓቢ ትካል ክትውንን ኢኻ፡ ኣብ ዓድኻን ሃገርካን ድማ ፍሉጥ ሃብታም ሰብ ክትከውን ኢኻ።”

ንኹሉ ብዓቕሊ ክሰምዕ ዝጸንሐ ገፋፍ ዓሳ፡ “ብድሕሪኡ ኸ . . .?” ሓተቶ።

ነጋዳይ ሰሓቑ እናተቖጻጸረ፡ “ድሕሪኡ ደኣ ልክዕ ከም ናብራ ንጉስ ክትነብር ኢኻ፡ ናትካ ትካል ክትውንን ኢኻ፡ ኣዚኻ ሃብታም ሰብ ድማ ክትከውን ኢኻ።”

እቲ ገፋፍ ዓሳ ኣብ መወዳእታ ዝበሎ እናሓሰበ፡ “ድሕሪኡ'ኸ?” በሎ።

ነጋዳይ፡ “ድሕሪኡ ደኣ ጥሮተኛ ኣይኮንካን፡ ንምሀ ተንሲእካ እናተዛናጋዕካ ዓሳ ትገፍፍ፡ ካብኡ መጺእካ ምስ ደቅኻን ሰበይትኻን ትዛናጋዕ፡ ኣዕረፍካ ድማ ምሸት ምስ ኣዕሩኽትኻ ትዛናጋዕን ጊታር ትጻወትን”

እቲ ገፋፍ ዓሳ ፍሽኽ እናበለ፡ “እዚ ደኣ እሞ ሕጂ'ስ ይገብሮ ኣይኮንኩን ዘለኹ። በዚ ዝገበሮ ዘለኹ ህይወት'ውን ሕጉስ እየ ዘለኹ” በሎ።

ሎሚ ብዘለናን ብእንነብሮን ነገራት ሕጉሳትን ዕጉባትን ክንከውን እቲ ዝበለጸ እዩ። ብዙሓት ሰባት ስለ ዝሃብቱምና ናብ መገዲ ሓጎስ ኣዚና ዝቐረብና ዝመሰለና ኣለና። ኣብቲ ብቐሊል ኣገባብ እንነብሮ ናብራ'ውን ሓጎስን ሰላምን ይርከብ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ በርበረን ሽሮን ምስ ቀመሙ) ኣስቤዛ ሕሙማት
ዕድጊ፦ ኣብ ኣገልግሎት ማእሰርቲ ተሃድሶ ኤርትራ ኣብ ኣስመራን ዓሰብን
ኣርእስቲ፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ እሱራት
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ኣገልግሎት ማእሰርቲ ተሃድሶ ኤርትራ ንዓመት 2025 ካብ ወርሒ 01/2025 ክሳብ ወርሒ 12/2025 ኣብ ትሕቲኡ ንዘርከቡ እሱራት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ክዕድግ ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኣገልግሎት ማእሰርቲ ተሃድሶ ኤርትራ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ፡ ብኣስቤዛ፡ ስጋ፡ በርበረን ሽሮን ምስ ቀመሙ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ኣገ/ማእ/ተሃ/ኤርትራ ኣብ ቁጽሪ 12 ካብ ቤ/ጽ ፋይናንስ ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ። ቁ/ስልኪ 162645
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፡ ኣብ'ዚ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰነድ ዕለት 25/09/2024 ሰዓት 9:45 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጒዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፡ ተሳተፍቲ ሕጋውያን ወኪላትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስዑርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸብሉ 25/09/2024 ሰዓት 10:00 ኣብ ቤ/ጽ ኣገ/ማእ/ተሃ/ኤርትራ ጨ/ምም/ ፋይናንስ ቁጽሪ 03 ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid Security) (CPO) 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ) ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
9. ኣገ/ማእ/ተሃ/ኤርትራ ብምልኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ ኢዩ።

ኣገልግሎት ማእሰርቲ ተሃድሶ ኤርትራ
Eritrean prison and rehabilitation service p.o.box 712 Asmara-eritrea tel.no 161747/122645/161294/161253

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን

ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይ ነፍሒ፡ ንዓመት 2025 ንሓደ ዓመት (01/01/2025 ) ክሳብ ዕለት (31/12/2025) ዝጸንሕ ውዕል ንምግባር ብኽፉት ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

ሕጋውያን ተሳተፍቲ (ኣቕረብቲ) ከማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ጨረታ ንኹሎም ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ክፉት እዩ።
2. ዝርዝር ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን መምስ ንጽል (ንኹሉ) ዋግኡ ኣብ ዝተዓሸገ ፖስጣ ይቕረብ።
3. ቅዳሕ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን፡ ናይ 2023 ክሊራንስን ከምኡ'ውን መንነትን የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይ ነፍሒ ይወስዱ።
5. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 100,00 (ሓደ ሚእቲ ሽሕ) ብ(cpo) የትሕዙ።
6. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ኣብ ኮሌጅ ስነ ፍልጠት ማይ ነፍሒ ኣሃዱ ዕድጊ ቁ/ገዛ 7 G12 ብምምጻእ ወይ ብ ቁ/ስልኪ 08204288/08204281 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።
7. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
8. ጨረታ፡ ካብ ዕለት 30/08/24 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ክሳብ ዕለት 30/9/24 ሰዓት 10:30 ቅ/ቀ ተሳተፍቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ሳንዱቕ ጨረታ ኣብ ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይ ነፍሒ መኣከቢ ኣዳራሽ (7 109) ይኽፈት።
9. ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡በኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ስነፍልጠት ማይ ነፍሒ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ በርበሬ ቀመም ስጋ፡ በርበረ፡ ጨው፡ ዕንጨይቲ፡ ምሽንካት ጥንን )
ዓይነት፦ ጨ/ሚ//ትም/ዞባ ዓንሰባ (ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣስማጥን ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ከረንን)
ኣርእስቲ ውዕሊ፦ (ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ንጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣስማጥን ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ከረንን)

ንዓመት ትምህርቲ 2025 ካብ ወርሒ 01 ክሳብ ወርሒ 12 ንኣስታት 1350 ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣስማጥ ከምኡ'ውን 165 ተማሃሮ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ከረን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ክዕድግ ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ጨ/ሚ//ትም/ዞባ ዓንሰባ
 ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ ጨው፡ ዕንጨይቲ፡ ምሽንካት ጥንን) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርብ ይኽእል።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስን መንነት የቕርቡ።
4.ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ 20 ብቁ.ቴሌ 402289 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50,00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 26/9/2024 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጒዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳተፍቲ፡ ሕጋውያን ወኪላትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስዑርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ጨ/ትም/ዞባ/ዓንሰባ ዕለት 26/9/2024 ሰዓት10፡ 00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ብመኽበሪ ጨረታ (Bid Security) cpo 100,000.00 ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
9. ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ//ትም/ዞባ ዓንሰባ

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒ/ምክልኻል ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ንዝርከቡ ወተሃደራዊ ሆስፒታላትን፡ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርትታትን ንዓመት 2025 (ካብ ወርሒ 01/2025 ክሳብ ወርሒ 12/2025) ዘድሊ ዝተፈላለየ ዓይነት መግቢ ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ በርበረን እንቋቑሖን ክዕድግ ስለዝደለየ፡ ሕጋውያን ተሳተፍቲ ይዕድም።

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
2. ተሳተፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ 2023 ግብሪ መንግስቲ ከም ዝኸፈሉን (ክሊራንስ) የቕርቡ።
3. ተሳተፍቲ፡ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ PX ካምፖሎ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ክወስዱ ይኽእሉ። ቁ.ቴሌፎን 187616/209033
4.ምሉእ ሰነድ ጨረታ ብዕሹግ ደብደብ ብምቕራብ ዕለት 02/10/2024 ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ደብጽሑ። ዕለት 02/10/2024 ሰዓት 9.00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዘለውዎ ኣብ ቤ/ጽ PX ካምፖሎ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ብግልጺ ይኽፈት።
5.መኽበሪ ጨረታ cpo 50,000.00 ናቕፋ የቕርቡ።
6. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምም/ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
7.ሚኒ/ምክልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል
ጨ/ዕድግን ምቁ/ንብረትን
ቴሌ 209033/187616

ብስም ሚካኤል ዘርኣይ ተስፋሚካኤል ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00027827 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 15 ዝርከብ ናይ ቤት ማስተ ትካሊይ ንወ/ሮ የርዳኖስ ሃብተ ወልደጊዮርጊስ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና እምባታሪኻ ቁ.ገዛ 113 ካብ ዕለት 01/07/2024 ክሳብ ዕለት 30/06/2026 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሚካኤል ዘርኣይ ተስፋሚካኤል

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊት ወረ/ኛ ተኽለ ጉብረዝጊ ወ/ሮ ኣልማዝ ተኽሉ፡ ወዘ.መልሲ ወረ/ኛ ተኽለ ጉብረዝጊ ወ/ሮ ብርኽቲ ተኽለ +4 ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር፡ ካብ ወዘ.መልሲ 1. ኣድሓኖም ተኽለ ጉብረዝጊ 2.ማርታ ተኽለ ጉብረዝጊ ኣድራሽኦም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ቁ.40 ቅረቡ። እንተዘይቀረብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊት ወ/ሮ ትርሓስ ተወልደ ዓንደብርሃን፡ ወዘ.መልሲ ኣቶ ሙሉእብርሃን በርሀን ዘሎ ናይ ኣጦት ክርክር፡ መዘኑብ ተወዝዒፉ ጸሒሑ ሕጂ ግን ተንቀሳቒሱ ስለ ዘሎ፡ ወሩብ መልሲ ን11/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ኣቶ ዳዊት በላይ ንገሰ፡ ሓፍተይ ገነት በላይ ስለዝሃረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋበኢያ ቁ.56 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ፍትሓዊት ሃይለ ተስፉ ዘመደ ምባል ተሪፉ፡ ልድያ ተስፉ ዘመደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት ዃርኣዮ ንገሰ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዘርኡ ኣቦጬፋናስ ጉብረሚያም፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

# ምደላ ስራሕ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረእምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Senior Condition Based Monitoring and Reliability Supervisor**

**Department: Process Plant**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Senior Condition Based Monitoring and Reliability Supervisor is responsible for the overall safety and effectiveness of the Mechanical, Electrical and Instrumentation maintenance reliability functions for all fixed plant assets.
- Responsible for the development, implementation and management of the Condition Monitoring (CBM) Techniques
- Minimisation of downtime and failure rates to maximize engineering availability of all assets and assist operations and maintenance teams in establishing critical spares and tool inventories.
- Recommend measures to improve production methods, equipment performance and implementation of appropriate scheduled preventative and predictive maintenance strategies.

**MAIN FUNCTIONS**

- Develop equipment maintenance strategies
- Perform root cause and failure analysis.
- Conduct and analysis of reliability and downtime events and determine an appropriate reliability approach including personal and equipment required for the particular situation.
- Prepare diagrams, charts, drawings, calculations and reports to define downtime and reliability issues. Make recommendations for improvements and reduction of equipment downtime.
- Lead the Reliability and Condition Based team.
- Carry out equipment performance analysis and check for equipment deterioration.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- **Essential Functions**
  - Analyses and develop methods to determine maintenance demands and reliability of components, equipment and processes.
  - Acquire and analyse equipment and downtime data.
  - Prepare diagrams, charts, drawings, calculations and reports to define downtime and reliability problems. Make recommendations for improvements and outage/downtime reduction.
  - Determine cost advantages of different maintenance strategies and develop action plans for cost effective reliable process equipment to avoid equipment outages.
  - Develop action plans taking into consideration the cost of the different alternatives. Develop plans to improve reliability of fixed equipment and reduce outages.
  - Identify, scope, price, order and implement projects to improve the reliability of equipment.
  - Developing, Implementing and managing Vibration, Thermography, UT, Oil Analysis database for all plant assets
- Trending and conducting Analysis
- Studies & Implementation of solutions to equipment performance issues
- Review, Update and Maintain Preventative Maintenance's
- Condition Based Monitoring tasks
- Root Cause Analysis and Reliability Centered Maintenance studies
- General

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Maximum employment age is 55.
- Candidate must be physically medically fit.
- Must be able to work in hot and dusty environments.
- Must be able to work at heights.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Degree or Diploma in Mechacnical Engineering is a must.<br>○ Certification on some or all of CMRP or ARP, RCM, VA Cat, ICML, and PMO would be highly advantage<br>○ Internationally recognized driver's license<br>○ Fluent in spoken and written English | ○ 10+ years' experience developing RCM,PMO and RCFA strategies.<br>○ Leading reliability/CBM teams in a mining/mineral processing environment.<br>○ Knowledge of developing maintenance preventative and predictive programs for SAG, BALL and ISA Mills as well as floatation cells and filter presses will be highly regarded.<br>○ Knowledge and experience in NDT (Radiographic, UT, LPT,MPT and Phase Array), Vibrations analysis, Laser Alignment and Machinery Lubrication |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Computer Literacy ( MS Office – Intermediate), Planning and scheduling, Development of Reliability Centred Maintenace, Optimization of preventative maintenance, Knowledge of mechanical and electrical maintenance, Implementation of Condition Based Maintenance techniques, Fully conversant with failure mode (FMEA) and equipment criticality analysis (ECA), Writing of written procedures for the maintenance department, Problem solving skills, Hands-on experience on maintenance, 5+ years of Supervisory experience, Safety reporting and actions. | ○ Good communicator, Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skills, Achieving strict deadlines, Excellent cultural awareness, Self motivation, Self starter/ initilitive |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል ቀጺሉ



ኣብ ደቀምሓረ ዝቐጸለ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሰለስ ጸወታ ከባቢ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ኣካይዱ።

ኣብቲ ዕለት፡ ናብ ፍጻመ ዝሓለፉ ከለማን ዐብልን ክጻወታ እንከለዋ፡ ዐብል ኣብ መበል 16 ደቓይቕ ብመገዲ ፍጹም ቅላዕ ካብ የርዳኖስ ፍስሃ ሹቶ ረኺባ ንእሪፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ብስራት ክብሮም ሹቶ ብምውሳኻ ዐብል 2-ብ0 መሪሓ። ከለማ ከኣ ካብ ሮዳስ ትክእ ሹቶ ብምቑጻራ ወጽኢት ናብ 2-ብ1 ኣጸቢባቶ። ግዜ ብምእካሉ ግን፡ ካብ ስዕረት ኣይተናገፈትን። በዚ ከኣ ዐብል ከይተሳዕረት ሻምፕዮን ኮይና።

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ከባቢ መርገብ ናይ ፍጻመ ጸወታ'ውን ተኻይዱ ነይሩ። ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ሂላልን ከለማን ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ፡ ከለማ 2-ብ0 ረቲዓ ብምዕዋት፡ ስዕረት ከይቀመሰት ሻምፕዮን ኮይና። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ደማ ማይ ጸብራን ከለማን ተጻዊተን። ማይ ጸብራ ብዓብላሊ ጸወታ 3-ብ0 ተዓዊታ ሻምፕዮን ኮይና።

ኣብቲ ዕለት፡ ኣብ ውድድር ባድሚንተን ቸዝ ከባቢ ሰከይት፡ ፍርቂ ማራቶን ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢ መርገብ ብሉጻት ንዝርኣዩ ስፖርታውያን ናይ ገንዘብን መዳልያን ሽልማት ተዋሂቡ።

እዚ ስፖርታዊ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ከባቢ እግሪ ጾንዓትን ዛራን ብዘካይድኦ ናይ ፍጻመ ጸወታ መጋረጃኡ ክዕጾ፡ ምኻኑ፡ ኣኽባሪ ሓብሬታን ናይ'ቲ እዚ ሓቢሩ።

## ደሃይ ተቐዳደምትና

ትማሊ ዓርቢ፡ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ ዝተፈላለየ ውድድር ተጸሚደም ወዒሎም።

**ቻይና**

ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ትረንጉ መርሃዊ ቅዱስ ኣባል ኣስታና ቼናክ ምለእብርሃኑ ከምኡ'ውን ንመርሃዊ ወዲ ጋንታኡ መትከል እዮብ፡ ኣብ ራብዐይቲ መድረኽ ዙር ሃይናን ካብ ዕውት ግዜ ከይከሰሩ ብቕደም ተኸተል መበል 21፡ 34ን 37ን ደረጃ ሒዞም።

ዝ 151.3 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ ብ3 ሰዓት፡ 33 ደቒቕን 39 ካልኢትን ዝተዓወተላ ኣሮን ጌት፡ ብ14 ሰዓት፡ 3 ደቒቕን 28 ካልኢትን ብጫ ማልያ ለቢሱ ኣሎ። ሄናክ፡ ብ33 ካልኢት፡ መርሃዊ ብ37 ካልኢት ድሕሪኡ ሳልሳይን ታሽዓይን ደረጃ ሒዞም ኣለዉ። መትከል፡ ብ5 ደቒቕን 23 ካልኢትን ድሕሪኡ መበል 41 ተርታ ሒዙ ኣሎ።

ብቐጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያ፡ ጌት ብ56 ነጥቢ ለቢስዋ ኣሎ፣ ሄናክ፡ ብ23 ሻውዓይ፡ መርሃዊ ብ18 ነጥቢ መበል 11 ደርቢቡ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ሓሙሻይቲን መዛዘሚትን መድረኽ ክሳለል እዩ፣ 203.4 ኪሎሜተር ዝነውሓታ እታ ዝወሓተት መድረኽ።

**ቱርኪ**

153.7 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈነት ቀዳመይቲ መድረኽ ዙር ሮዝ ሳልቨሽን፡ ተቐዳደምቲ ኣስታንቡል በዩክሰሂር - ናትናኤል ብርሃነ ጴጥሮስ መምዘኒ፡ ብተመሳሳሊ 19 ካልኢት ድሕሪኡ መበል 51ን 57ን ደረጃ ሒዞም። እዚ ውድድር፡ ሎሚ 136.8 ኪሎሜተር ሽፈኑ ክውዕል እዩ።

**በልጀም**

ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ኢንተርማርች በንያም ግርማይ፡ ኣብ ሳልሳይቲ መድረኽ ዙር ረኖ፡ ግዜ ከይከሰረ መበል 95 ኣትዩ። ጆናታን ሚላኑ ዝ ናይ 185.5 ኪሎሜተር ውድድር - ብ3 ሰዓት፡ 57 ደቒቕን 17 ካልኢትን እዩ ንያስፐር ፍሊፕሰን ረቲዑ ተዓዊቱ። እዚ ውድድር፡ ሎሚ 178.5 ኪሎሜተር ክሸፍን እዩ።

## ዕጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ወዲቑ

### ሓዲሽ ኣገባብ ውድድር ከመይ ይመስል?

ዕጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ 2024-25፡ ብሓዲሽ ኣወዳድባን ብዙሓ ጋንታታትን ሓሙስ ምሸት ኣብ ከተማ ሞናኮ ፈረንሳ ወዲቑ።

ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ካብ 2003 ጀሚሩ ን21 ዓመታት፡ 32 ክለባት ኣብ ሸሞንተ ናይ ኣርባዕተ ጋንታታት ምድብ ከፋፊሉ ክካየድ ምጽንሑ ይፍለጥ። ሓንቲ ጋንታ፡ ኣብ ምድባ ምስ ዘለዋ ሰለስተ ጋንታታት ክልተ ግዜ (ሓንቲ ኣብ ሜዳኣ፡ ሓንቲ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ) ብምጽዋት፡ ብድምር ሽዱሽተ ግጥሚ ተካይድ ነይራ። ካብ ነፍሲ ወከፍ ምድብ ድማ፡ ክልተ ቀዳሞት ጋንታታት ናብ ዙር 16 ክሓልፋ እንከለዋ፡ ሳልሰይቲ ዝወጸት ናብ ኤውሮፓ ሊግ ትወርድ ነይራ። ካብ ዙር 16 ከኣ ርብዒ ፍጻመ፡ ፍርቂ ፍጻመ እናበለ ኣብ ፍጻመ ይበጽሕ ነይሩ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት-ስፖርት ግን፡ ብዙሓ ጋንታታት ናብ 36 ክብ ኢሉ ኣሎ፣ ዝነበረ ናይ ሸሞንተ ምድባት ኣካይዳ'ውን ተሪፉ፡ ብሓዲሽ ውዳበ/ኣገባብ ተተኪኡ ኣሎ።

**እቲ ማሰርሕ ብኸመይ ይካየድ?**

ኩለን 36 ጋንታታት፡ ልክዕ ከም ናይ ሊግ ኣገባብ (League Phase) ኣብ ሓደ ምድብ እየን ተሰሪዐን ዘለዋ። ኩለን ንሓድሕደን ይጻወታ ማለት ግን ኣይኮነን። ሓንቲ ጋንታ፡ ኣርባዕተ ጸወታታት ኣብ ሜዳኣ፡ ኣርባዕተ ጸወታታት ከኣ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ - ብድምር ምስ ሸሞንተ ዝተፈላለያ ክለባት ትጻወት።

ኩለን ሸሸሞንተ ግጥሚታት ድሕሪ ምኽያደን ከኣ፡ ቀዳሞት ሸሞንተ ክለባት ብቐጥታ ናብ ዙር 16 ይሓልፋ። ካብ ታሽዓይቲ ክሳብ መበል 24 ደረጃ ዝሓዛ 16 ጋንታታት ድማ፡ ናብ ዙር 16 ንምሕላፍ ናይ ክልተ እግሪ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ መጻረዪ ጸወታ (Play Off) ከካይዳ እየን። ዝተዓወታ ሸሞንተ ክለባት ምስተን ቀዳሞን ብቐጥታ ዝሓለፋ ሸሞንተ ክለባት ብምጽኻን ድማ፡ ናይ ዙር 16 ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ የካይዳ፤ (እተን ካብ 25 ክሳብ 36 ዝወጻ ግን ይግለፋ)። ዝሰዓባ መድረኻት ከኣ፡ ከምቲ ልሙድ ርብዒ ፍጻመ፡ ፍርቂ ፍጻመን ፍጻመን ይኸውን።

በዚ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ፡ ናብ ፍጻመ ዝበጽሓ ክልተ ክለባት 13 ግጥሚታት ዘካይዳ ዝነበራ፣ ኣብዚ እዋን ግን፡ 15 ግጥሚታት ከካይዳ እየን። ካብተን ብናይ ክልተ እግሪ መጻረዪ ጸወታ (Play-off) ናብ ዙር 16 ዝሓለፋ ጋንታታት ናብ ፍጻመ እንተበጽሓ/እንተበጽሓን ግን፡ 17 ጸወታታት ከካይዳ ማለት እዩ። ብዙሓ ተሳተፍቲ ሃገራት ብምውሳኹ ከኣ፡ ዝነበረ ብዙሓ ድምር ጸወታታት ካብ 125 ናብ 189 ክብ ኣቢልዎ ኣሎ።

ቅድሚ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ (ኩለን ኣብቲ ናይ ነጥቢ ጸወታ እንከለዋ ማለት እዩ)፡ ሓንቲ ክለብ ምስ ናይ ሃገራ ክለብ ኣይትራኸብን እያ። ንኣብነት፡ ኣርሰናል ኣንጻር ኣስቶን ቪላ ኮነ ማን ሲቲ ኣይትጻወትን እያ። ካብ ዙር 16 ጀሚረን ግን፡ ናይ ሓንቲ ሃገር ክለባት ክራኸባ ይኽእላ እየን። ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ውድድር፡ ናይ ሓንቲ ሃገር ክለባት ቀልጢፈን መታን ከይግለፋ፡ ኣብ ዙር 16 ኣይራኸባን እየን ነይረን። ካብ ርብዒ ፍጻመ ንደሓር እየን ክራኸባ ዝኽእላ ነይረን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ ካብ ሎሚ ዓመት ዝጅመር ዘሎ ውድድር፡ ሓንቲ ክለብ፡ ልዕሊ ክልተ ጸወታታት ኣንጻር ናይ ሓንቲ ሃገር ክለባት ኣይትጻወትን እያ። ንኣብነት፡ ኣርሰናል፡ ኣንጻር ናይ ኢጣልያ ክለባት ኣታላንታን ኢንተር ሚላንን በጺሕዋ ኣሎ፣ ኣንጻር ኤሲ ሚላን ወይ ጁቬንቱስ ግን ኣይብጽሓን እዩ። ብተወሳኺ፡ ከምቲ ናይ ዝሓለፈ፡ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ሳልሰይቲ ኮይና ዝወጸአት ናብ ኤውሮፓ ሊግ፡ ካብ ኤውሮፓ ሊግ ናብ ኮንፈረንስ ሊግ ምውራድ ዝበሃል የለን፣ ምግላፍ ጥራይ እዩ።

በዚ ሓዲሽ ቅዲ ውድድር፡ ናይ ኩለን ክለባት ጸወታታት ከተምጽኦ ዝበዝሕ እኳ እንተኾነ፡ ንሓፈሻዊ ርድኢት ግን፡ ገለ ናይ ዓበይቲ ክለባት ዕጫ ንተዓዘብ።

**ኣርሰናል፡** ኣብ ሜዳኣ (Home) ኣንጻር ፒኤስጂ፡ ሻኽታር፡ ዳይናሞ ዛግረብ፡ ሞናኮ፣

ካብ ሜዳኣ ወጻኢ (Away) - ኢንተር ሚላን፡ ኣታላንታ፡ ስፖርቲን ሊዝበን፡ ጂሮና

**ፒኤስጂ፡** ኣብ ሜዳኣ - ማን ሲቲ፡ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ፒኤስቪ፡ ጂሮና

ካብ ሜዳኣ ወጻኢ - ኣርሰናል፡ ባየር ሙኒክ፡ ኣርቢ ሳልዝበርግ፡ ሽቱትጋርት፡

**ሪያል ማድሪድ፡** ኣብ ሜዳኣ - ቦሩሽያ ዶርትሙንድ፡ ኤሲ ሚላን፡ ኣርቢ ሳልዝበርግ፡ ሽቱትጋርት

ካብ ሜዳኣ ወጻኢ - ሊቨርፑል፡ ኣታላንታ፡ ሊል፡ ብረስት

**ባርሴሎና፡** ኣብ ሜዳኣ - ባየር ሙኒክ፡ ኣታላንታ፡ ያንግ ቦይስ፡ ብረስት

ካብ ሜዳኣ ወጻኢ - ቦርሽያ ዶርትሙንድ፡ በፊካ፡ ቸረቨና ዝቨዝዳ፡ ሞናኮ

**ማን ሲቲ፡** ኣብ ሜዳኣ - ኢንተር ሚላን፡ ክሉብ ብሩጅ፡ ፈይኑርድ፡ ስፓርታ ፕራጋ

ካብ ሜዳኣ ወጻኢ - ጁቬንቱስ፡ ፒኤስጂ፡ ስሎቫን ብራቲስላቫ፡ ስፖርቲንግ ሊዝበን

**ሊቨርፑል፡** ኣብ ሜዳኣ - ሪያል ማድሪድ፡ ባየር ለቨርኩሰን፡ ሊል፡ ቦሎኛ

ካብ ሜዳኣ ወጻኢ - ኣርቢ ሌፕዚግ፡ ኤሲ ሚላን፡ ፒኤስቪ፡ ጂሮና

**ኢንተር ሚላን፡** ኣብ ሜዳኣ - ኣርቢ ሌፕዚግ፡ ኣርሰናል፡ ሬድ ስታር በልግሬድ፡ ሞናኮ

ካብ ሜዳኣ ወጻኢ - ማን ሲቲ፡ ባየር ለቨርኩሰን፡ ያንግ ቦይስ፡ ስፓርታ ፕራጋ

በዚ መሰረት፡ ብኸምዚ ቅዲ ጸወታ፡ ቀዳመይቲ ዕለት ውድድር 17 መስከረም ክትጅመር እያ። እዚ ናይ ጉጅለ ግጥሚታት ክሳብ ወርሒ ጥሪ ዝቕጽል ኮይኑ፡ ጥሪ 29 ሻሙናይቲን ናይ መወዳእታን ዕለት ውድድር ብምዃና፡ ኩሉ 18 ግጥሚታት ብሓባር (ልክዕ ከም'ቲ ፕሪመር ሊግ ክዛዘም እንከሎ ዝገብሮ) ክካየድ እዩ። ዙር 16 ወርሒ መጋቢት፡ ርብዒ ፍጻመ - ሚያዝያ፡ ፍርቂ ፍጻመ ኣብ ግንቦት፡ መዛዘሚ ከኣ 31 ግንቦት ኣብ ሙኒክ ክካየድ እዩ። ሎሚ ቀዳም ግን፡ ዕለተ ውድድርን መሰርዕ ግጥሚታትን ክነገር እዩ።




## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ

ኣርሰናል - ብራይተን 2:30 ድ.ቀ

ብረንትፎርድ - ሳውዝሃምፕተን 5:00 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ቦርንማውዝ 5:00 ድ.ቀ

ኢፕስዊች ታውን - ፉልሃም 5:00 ድ.ቀ

ሌስተር ሲቲ - ኣስቶን ቪላ 5:00 ድ.ቀ

ኖቲንግሃም - ዎልቭስ 5:00 ድ.ቀ

ዌስት ሃም - ማን ሲቲ 7:30 ምሸት

**ላ'ሊጋ**

ባርሴሎና - ሪያል ቫላዶሊድ 6:00 ድ.ቀ

ኣትሌቲኮ በልባኦ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 8:00 ምሸት

**ሰሪኣ**

ላዝዮ - ኤሲ ሚላን 9:45 ምሸት

ናፖሊ - ፓርማ ቻልሺዮ 9:45 ምሸት

## ቅንጥብጣብ

* ብሬንትፎርድ፡ ንሕቶ ምፍራም ኣጥቃዓይ ኢቫን ቶኒ ካብ ስዑዳዊት ክሉብ ኣል ኣህሊ ከምዝተቐበሉቶ ተሓቢሩ።

ማሰኮት ምስጋጋር ክለባት ስዑዲ ዓረብ፡ ክሳብ 2 መስከረም ክፉት ብምዃኑ፡ ማሰርሕ ቶኒ ግድን ቅድሚ ምዕጻው ማሰኮት ምስጋጋር ፕሪመር ሊግ (ዓርቢ 31 ነሓሰ ምሸት) ክፍጸም ኣይቅሱብን እዩ። እዚ ማሰርሕ'ዚ 40 ሚልዮን ፓውንድ ክውድእ ምኻኑ ይግለጽ።

* ኣከፋፋሊ ፒኤስጂ ካርሎስ ሶለር፡ ብቐዋሚ ናይ ምግዛእ ኣማራጺ ብዘለዎ ናይ ልቓሕ ማሰርሕ ናብ ዌስትሃም ተጸምቢሩ። ዌስት ሃም፡ መሃያ ናይ'ዚ ተጻዋታይ ባዕላ ክትከፍሎ እውን ተሰማሚዓ ኣላ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣከፋፋሊ እዛ ጋንታ ዋርድ ፕሮውስ፡ ናብ ኖቲንግሃም ተጸምቢሩ።

* ሓላዊ ማዕጾ ኣርሰናል ኣሮን ሪምስዳል፡ ብናይ ኣርባዕተ ዓመታት ውዕል ምስ ሳውዝሃምፕተን ተጸምቢሩ።

ዝሓለፈ ዓመት ቦታኡ ብዳቪድ ራያ ብምምንጣሉ መንበር ተቐያሪቲ ከምዝምቐ ዝተቐሰበ ሪምስዳል፡ ብ25 ሚልዮን ፓውንድ (ፈለማ 18 ድሕሪኡ ሸውዓተ ሚልዮን ፓውንድ ዝኽፈሎ) እዩ ተሰጊሩ ዘሎ። ውዕሉ ብዝወሰኸት ሓንቲ ዓመት ክናወሕ'ውን ኣማራጺ ኣለዎ።



ዜና ወጻኢ
ተስፋኣለም የማነ

## “ኣሸበርቲ ኣብ ከተማ ቬና ‘ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰባት’ ክቐትሉ ወጢኖም ነይሮም” ተባሂሉ

ብዓልቲ ዝና ኣመራፂት ደራፊት ተይለር ስዊፍት፡ ኣብ ፈለማ ናይ’ዚ ወርሒ’ዚ ኣብ ከተማ ቬና - ኦስትርያ ክተካይዶ ተሓሲቡ ኣብ ዝነበረ መዚቃዊ ምርኢታት፡ ህይወት ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰባት ክጥፍእ ዝኽእል ሽበራዊ መጥቃዕቲታት ክፍጸም ተወጢኑ ከምዝነበረ፡ ማእከላይ ወከል ስለያ ኣመሪካ ሓቢሩ።

ምክትል ዳይረክተር ናይቲ ትካል ስለያ - ደቪድ ኮህን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቶም ኣብቲ መጥቃዕቲ ክሳተፉ ተዳልዮም ዝነበሩ ጥሩፋት ሰባት ምስ ግብረ-ሽበራዊ ጉጅለ ዳዕሽ ምትእስሳር ዘለዎም ከምዝነበሩ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ባዕሎም ዝሰነዕዎ ተፈንጀርትን ስሕለታትን ተጠቒሞም ነቶም ኣብቲ ምርኢት ዝሳተፉ ተዓዘብቲ ክጥቅዑ መደብ ከምዝነበሮም ገሊጹ።

እቶም ኣሸበርቲ ኣብቲ ዘካይዱዎ መጥቃዕቲ ኣመራጺውያን ዝርከቡዎም ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታት ክቕተሉ ትጽቢት ከምዝነበሮም ድማ እቲ ኣመራፂዊ ብዓልሰልጣን ኣመልኪቱ።



ንሱ ወሲኹ፡ ማ.ወ.ስ ነቲ ሽበራዊ ውጥን ኣቐዲሙ ስለዝፈለጦ፡ ንሰብ መዚ ጸጥታ ኦስትርያ ብምሕባር እቲ ኣብ ዝዓበየ ስታድዩም ቬና ክካየድ ተሓሲቡ ዝነበረ መዚቃዊ ምርኢታት ክሰረዝ ከምዝገበረ ሓቢሩ።

ሓይልታት ጸጥታ ኦስትርያ፡ ነቶም መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ተዳልዮም ዝነበሩ ኣሸበርቲ’ውን ብሓገዝ ማ.ወ.ስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከእትውዎም ከምዝኸኣሉ፡ ደቪድ ኮህን ኣብ ሓበሬታኡ ጠቒሱ።

ብመሰረት ሰበ-መዚ ኦስትርያ፡ እቲ ዝሓለፈ 8 ነሓሰ ኣብቲ ስታድዩም ክካየድ ተሓሲቡ ዝነበረ መዚቃዊ ምርኢት፡ ክሳብ 65 ሽሕ ዝኾኑ ተዓዘብቲ ክሳተፉዎ ትጽቢት ነይሩ።

## የመን - ዕጡቓት ኣብ መርከብ ተፈንጀርቲ ቦምባታት እናጻወዱ ዘርኢ ቪድዮ ዘርጊሖም

ንዝሰፍሐ ክፋል የመን ተቘጻጺሮም ዝርከቡ ሑቲ ብዝብል ስም ዝፍለጡ ዕጡቓት፡ ኣብ ልዕሊ’ታ ኑዱዲ ጽዒና ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ተኾሲፍፍ ዘላ መርከብ ግሪኽ ደፂቦም ተባራዕቲ ቦምባታት እናጻወዱ እንከለዉ ዘርኢ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ዘርጊሖም።

እቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ምሸት ዝተዘርግሐ ቪድዮ፡ እቶም ዕጡቓት ካብታ መርከብ ምስ ወረዱ፡ እቲ ኣብ ዝባና ዘጻወዱዎ ተባራዒ ቦምባታት ብናይ ርሑቕ መቆጻጸሪ ክብረዕ እንከሎ’ውን ዘርኢ እዩ።

እቲ ተፈንጀርቲ ምስ ተባርዐ እውን እቶም ዕጡቓት “ሞት ንኣመሪካ! ሞት ንእስራኤል” እናበሉ ክጭድሩ ኣብቲ ቪድዮ ይረኣዩን ይስምዑን።

ብመሰረት ጸብጻብ ዜና፡ እታ ጥንዴራ ግሪኽ ዝሰቐለት ‘ሶኒዮን’ ዝተባህለት ዓባይ ናይ ጽዕነት መርከብ፡ ዝሓለፈ 21 ነሓሰ ኣስታት ሓደ ሚልዮን በርሚል ዘይተጻረየ ነዳዲ ጽዒና በቲ ማሰመር እናሓለፈት እንከላ’ዩ ካብ’ቶም ዕጡቓት ሓደጋ መጥቃዕቲ ወሪዱዋ።

ዋላ’ኳ ድሕሪ’ቲ መጥቃዕቲ ምስኣ ዝነበሩ 25 ፍሊፒናውያንን ሩስያውያንን ሰራሕተኛታት ብህይወት ክድሕኑ እንተኸኣሉ፡ ንሳ ግን ብሰንኪ’ቲ ዘጋጠማ ሓያል ባርዕ ሞተራኣ ጠፊኡ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ክትከውን’ያ ተገዲዳ።

እታ ክሳብ ሕጂ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ብምህባል ትግዓዕ ዘላ መርከብ፡ ጽዒናቶ ዘላ ነዳዲ ልሒኹ ከቢድ ማያዊ ብከላ ከየስዕበ’ውን ተሰግኡ ከምዘሎ ይፍለጥ።

ኩናት ቃዛ - እስራኤል ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ካብ ዝጀመር ንደሓር ጥራሕ፡ ዛጊት ልዕሊ 80 ናይ ጽዕነት መራኽብ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕርን መጻብቦ ባብኤል መንደብን ብሚሳይልን ድሮናትን ሑቲ ተወቒዐን ከምዘለዋ፡ ክልተ ካብኣተን ድማ ድሮ ጥሒለን ምህላወን ጸብጻባት የመልክቱ።

ብሰንኪ’ቲ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ከኣ እቲ ዓመታዊ ዋጋ 1 ትሪልዮን ዶላር ዝገመት ዝተፈላለየ ንግዳዊ ምህርቲ ዝጓዓዘሉ ማያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ከቢድ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ወዲቑ ከምዘሎ ይግለጽ።




## ዩክሬን፡ ብሓገዝ ዝረኸበታ ነፋሪት ውግእ ተሓምሺሻታ



ዩክሬን፡ ሓንቲ ካብ’ተን ብሃገራት ምዕራብ ዝተዋእኩሳ ሰርሓት ኣመሪካ ዝኾና ‘F-16’ ዝዓይነተን ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ወዲቓ ከምእተሓምሸሸት ኣፍሊጣ።

ጠቕላሊ ስታፍ ሰራዊት ዩክሬን ዝሓለፈ ሓሙስ ብፌደስቡክ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እታ ነፋሪት፡ ካብ ሩስያ ናብ ትካላት ጸዓት ዩክሬን ንዝተተኩሰ ልዕሊ 200 ሚሳይላትን ድሮናትን ኣብ ምምካን ተዋፊራ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን እቲ ሓደጋ ከም ዘጋጠማ ገሊጹ።

ኣርባዕተ ክሩዝ ሚሳይላት ሩስያ ሃሪማ ምስ ኣውደቐት ንብዕሳ ሃንደበት ከምዝወደቐት ዘመልከተ ጠቕላሊ ስታፍ ሰራዊት ዩክሬን፡ ኣብራሪኣ’ውን ብህይወት ክድሕን ከምዘይከኣለ ሓቢሩ።

እንተኾነ፡ ጠንቂ’ቲ ሓደጋ ብልክዕ እንታይ ምዃኑ ኣይሓበረን ዘሎ።

ማሪያና በዙግልያ ዝተባህለት ኣባል ባይቶ ዩክሬን ግን ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ እታ ነፋሪት ውግእ ካብ ዩክሬን ብዝተተኩሰ ‘ፓትሪዮት’ ዝተሰምየ ጸረ-ሚሳይል ተወቒዓ ወዲቓ ክትከውን ከምእትኽእል ድሕሪ ምግላጽ፡ ሸለልተኛት ኣዘዝቲ ሰራዊት ንዩክሬን ከቢድ ዋጋ የኽፍላ ከምዘለዉ ወቒሳ።

ድምጺ ኣመሪካ ንምንጪታት ሓይሊ-ኣየር ዩክሬን ብምጥቃስ ኣብ ዝፈነዎ ዜና ድማ፡ ብኣብራሪ እታ ነፋሪት ዝተፈጸመ ጌጋ፡ ቴክኒካዊ ጸገም፡ ከምኡ ድማ ካብ ኣሃዱታት ጸረ-ነፈርቲ ዩክሬን ዝተወንጨፈ ሚሳይል ገለ ካብቲ ጠንቅታት ናይቲ ሓደጋ ክኾውን ከምዝኽእል ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ብልክዕ ንምፍላጡ ግን መርመራ ይካየደሉ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ዩክሬን፡ ኣባላት ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ካብ ዝኾና ሃገራት ምዕራብ ብርክት ዝበለ F-16 ነፈርቲ ውግእ ብሓገዝ ረኺባ ከምዘላ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ካብ’ተን ነፈርቲ ክንደይ ከምዘለዋ ግን ሕጂ ንፈለማ ግዜኡ እዩ።

## ተወሳኺ

ኣብ ክፍለ-ሃገር ኡታር-ፕራደሽ - ሰሜናዊ ክፋል ህንዲ ኣብ ዝርከብ ሓያለ ዓድታት፡ ሰብ እናበልዑ ንሰሙናት ዝኣክል ከቢድ ራዕዲ ፈጢሮም ዝጸንሑ ዕስለ ተኹሎ፡ ብድሮናት እናተሃድኑ ይተሓዙ ከምዘለዉ ተገሊጹ።

ማዕከናት ዜና ህንዲ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝፈነወኦ ዜና፡ እቶም ተኹሎ ኣብ’ተን ዓድታት ብውሕዱ ሓንቲ ሰበይቲ እትርከቦም ሸውዓተ ቈልዑ ክቐትሉ እንከለዉ፡ ንኻልኦት ልዕሊ 25 ሰባት ድማ ኣቚሲሎም ከምዘለዉ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ሰብ-መዚ ክፍሊ ክዃኽን ገረብ ህንዲ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ብዝዋጠቓ ድሮናት ተሓጊዞም ይሃድኑዎም ከምዘለዉ ጸብጺቡ።

ዛጊት ኣብ ዝቐደሞ 72 ሰዓታት ዝወሰደ ስርሒት ድማ፡ ኣርባዕተ ካብ’ቶም ዝድለዩ ዘለዉ ሽዱሽተ ተኹሎ ክሕዙዎም ከምዝኸኣሉ፡ እተን ማዕከናት ዜና ሓቢረን።

ነቶም ተሪፎም ዘለዉ ክልተ ሓደገኛታት ተኹሎ ንምሓዝ’ውን እቲ ስርሒት ይቕጽል ከምዘሎ ወሲኸን ኣመልኪተን።

ብቛንቋ እንግሊዝ ሰሙናዊ ኣብታ ሃገር እትሕተም መጽሔት ‘ኢንዲያ ቱደይ’፡ በቲ ተርእዮ ንዝተጸልወ ነበርቲ ናይ’ተን ዓድታት ብምጥቃስ ኣብ ዝዘርግሖቶ ሓበሬታ ድማ፡ እቶም ተኹሎ ተጸናትዮም መዓጹ ናብ ዘይብሎም ኣባይቲ ከይተረፈ ብምእታው፡ ንኣሸቱ ቈልዑ ጉቲቶም ክወስዱ ከምዝጸንሑ ገሊጹ።

በዚ ምኽንያት ድማ ወለዲ ንደቆም ናብ ኣብያተ-ትምህርቲ ምልኣኽ ደው ከቢሉዎም፡



ኣንስቶም ካብ ገዛ ከይወጻ ክኽልክሉወንን ተገዲዶም ከምዝጸንሑ፡ እታ መጽሔት ወሲኻ ጠቒሳ።

ክኢላታት ዕቃብ እንስሳዝጉዳም ናይ’ታ ሃገር ብወገኖም፡ ብፍላይ እቶም ምስ ኣኽሳቡት ዝዋቐሉ ዘለዉ ተኹሎ ንሰብ ናይ ምድፋር ሓደሽ ባህሪ የርእዩ ከምዘለዉ ድሕሪ ምሕባር፡ ነበርቲ ናይ’ተን ዓድታት ብሰንኪ ሕጽረት ቀረብ ዓይኒ-ምድሪ ኣብ በረኻ ክሸኑ ክበሉ ነቲ ሓደጋ ይቃልዑ ከምዘለዉ ኣገንዚቦም።

## ጀርመን፡ ኣፍጋናውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ትሰጉግ

መንግስቲ ጀርመን፡ ገበን ከምዝፈጸሙ ንዝተኸሰሱ ኣፍጋናውያን ስደተኛታት ብነፋሪት ናብ ዓዶም ናይ ምምላስ መስርሕ ከምዝጀመረቶ ኣፍሊጣ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ማእከላት መዳጎኒ ዝጸንሑ 28 ‘ገበነኛታት’ ዝበሎም ኣፍጋናውያን ስደተኛታት፡ ትማሊ ዓርቢ ንግሆ ብነፋሪት መንገዲ ኣየር ቀጠር ኣቢሉ ናብ ዓዶም ከምዝፋነዎም ሓቢሩ።

ጀርመን ጣሊባን ንሓይልታት ኣመሪካን መንግስቲ ኣፍጋኒስታንን ብኹናት ስዒሩ ኣብ 2021 ናብ ስልጣኑ ድሕሪ ምምላሱ፡ ኣዕቒባቶም ዝጸንሑ ኣፍጋናውያን ስደተኛታት ክትጥርዝ ሕጂ ንፈለማ ግዜኣ እዩ።

‘ስፒግል’ ዝተባህለት ኣብታ ሃገር እትሕተም ጋዜጣ ኣብ ዝዘርግሓቶ ሓበሬታ፡ እቶም ተኣሲሮም ዝጸንሑ ስደተኛታት ነፍሲ-ወከፎም ሽሕ ዩሮ ተዋሂቡዎም ናብ ዓዶም ከምእተሰጐጉ ኣመልኪታ።

መንግስቲ ጀርመን ነቶም ስደተኛታት ናብ ዓዶም ንምምላሱ ብመንገዲ ቀጠር ኣቢሉ ምስ ጣሊባን ክዘራረብ ከምዝጸንሐ’ውን እታ ጋዜጣ ወሲኻ ጠቒሳ።

ጉዳይ ስደተኛታት ኣብ ጀርመን ዝዓበየ መካትዒ ኣርእስቲ ፖለቲከኛታትን ማዕከናት ዜናን ኮይኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣብታ ሃገር ዕቑባ ተዋሂቡዎም ክነብሩ ኣብ ዝተፈላለየ ገበናት ዝሳተፉ ኣፍጋናውያንን ሶርያውያንን ስደተኛታት ክጥረዙ ዝጠልብ ጻውዒታት እናበርከ ይመጽእ ከምዘሎ’ዩ ዝግለጽ።

ብፍላይ ቅድሚ ሒደት መዓልታት ኣብ ሳሉንጀን ዝተባህለት ናይ ጀርመን ከተማ ብመጥቃዕቲ ስሕለት ሰለስተ ሰባት ድሕሪ ምቕታሎምን በቲ መጥቃዕቲ ዝተጠርጠረ - ምስ ዳዕሽ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ዝተነግረሉ ሓደ ሶርያዊ ስደተኛ ድሕሪ ምትሓዙን፡ ኣብ ብዙሓት ጀርመናውያን ዝጸንሐ ጽልኣት ስደተኛታት መሊሱ ገኒፉ ከምዘሎ ይሕበር።

